# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.255 | ቀዳም 24 ሰነ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ሓምላይ ቁጠባ


ገጽ 3
ኣገባብ ምፍራይን ምምስራሕን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ

ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?
ገጽ 7
'በረርቲ ታክሲ'፡ ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024!

ገጽ 11

ሻምፕዮን ኤርትራ 2023 ተኸፊቱ
• • •

## ደቡብ - መዓልቲ ሰማእታት ብደረጃ ዞባ ኣብ መንደፈራ ተዘኪራ

20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ኣብ መንደፈራ ኣብ ቀጽሪ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ኣብ ዝተወደበ - ብስነ-ጥበባዊ ትሕዝቶ ዝተሰነየ መደብ ተዘኪራ።

ብ19 ሰነ ምሸት እውን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ህዝቢ ከተማ መንደፈራ፡ ኣብ ቀንዲ ጐደናታት ተኣኻኺቦም፡ ጥዋፍን ሽምዓን ብምብራህ፡ ብሰልፊ ሰራዊትን ቀያሕቲ ፅንባባን ተሰንዩ - ናብ መቓብር ሓርበኛታት ብምጉዓዝ ሰማእታቱ ብሓበን ዘኪሩ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሞ፡ ኣደ ሰለስተ ስውኣት ወ/ሮ ሰንበቱ ገብረእግዚኣብሄር - ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ንዘይጠፍእ ሽምዓ ከውልዑ እንከለዉ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወልዱ ድማ ኣኽሊል ፅንባብ ኣንቢሩ።

ካብ 13 ሰነ ጀሚሩ፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ምኽኣሉሉን ምትካል ገረብ ሰውእን ዘጠቓልል ንጥፈታት - ኣብ ቀጽሪ መቓብር ሓርበኛታት ክሰላሰል እንከሎ፡ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ መንደፈራ ዘዋጸእዎ 81 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስውኣት ተመቓሪሉ።

## ጋሽ-ባርካ - መዓልቲ ሰማእታት ብደረጃ ዞባ ኣብ ባረንቱ. . .!

መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታት ጋሽ-ባርካ፡ ንርዝነታ ብዘገልጽ ሰልፊ ሽምዓ ናይ እግሪ ጉዕዞ፡ መደባት ዝኽሪ ሓበንን ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታትን ተዘኪራ።

ብ20 ሰነ ብደረጃ ዞባ ኣብ ከተማ ባረንቱ፡ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ክሳብ መቓብር ሓርበኛታት ድሕሪ ዝተገበረ ናይ እግሪ ጉዕዞ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ሓለቓ ስታፍ እዚ ምዕራብ ብሪጋደር ጀነራል ጸጋ መሓሪ ኣቦ-መንበር ባይቶ ኣቶ ዐስማን መሓመድ-ዓሊ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብር፡ ኣደ-መንበር ሃማደኤ ወ/ሮ የሕደጋ የውሃንስ፡ ከምኡ'ውን ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ የማነ መሓሪ ኣኽሊል ፅንባብ ኣንቢሮም።

እቲ መደብ ንቕያ ጅግኑ ሰማእታት ብዘገልጽ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ማዕሪጉ ነይሩ።

ብ19 ሰነ ኣብ ሰዓታት ምሸት፡ ኣብ ኩለን ከተማታት፡ ሓወሲ ከተማታትን ዓድታትን ጋሽ-ባርካ፡ ህዝቢ ብሰልፊ ሰራዊት ተዓጂቡ፡ ኣብ መኣከቢ ቦታታትን ጐደናታትን ተኣኻኺቡ ሽምዓ ብምብራህ፡ ንቶም ስለ ሃገር ሂወቶም ዘወፈዩ ሰማእታት ብሓበን ዘኪርዎም።

ኣብ ከተማ ባረንቱ ኣብ ዝተገበረ ሰልፊ ሽምዓ፡ ህዝቢን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ካብ ምዕራባዊ ጫፍ-ታ ከተማ ተበጊሶም፡ ኣብ ቀንዲ ጐደናታት ናይ እግሪ ጉዕዞ ድሕሪ ምክያድ፡ ጉጅለታት ባህሊ እዚ ምዕራብን ክፍላተ-ሰራዊትን ናይ ዝኽሪ ዜማታት፡ ግጥምታትን ድራማታትን ዘጠቓልል ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ኣቕሪቦም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደገ ህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ኬሩን ሰራሕተኛታት ኩባንያ ዕደና ቢሻን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ንመካኑ-መቓብር ቀዳማይ ስውእ ሰውራ ኤርትራ ዓብዩ መሓመድ ፋይድ ኣሐዲሶም።

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - መዓልቲ ሰማእታት ብደረጃ ዞባ ኣብ ባጽዕ. . .!

መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብሰልፊ፡ ምብራህ ሽምዓን ልምዓታዊ ወፈራታትን ተዘኪራ።



ብዞባ ደረጃ ብ20 ሰነ ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ኣመሓዳሪት ዞባ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኩሎኔል መልኣከ ተኽለማርያም፡ ኣዛዚ ህዝባዊ ሰራዊት እዚ ምብራቕ ኩሎኔል ኢድሪስ ፋግር፡ ኣቦ-መንበር ባይቶ ኣቶ ኢብራሂም ዓሊ ሼኽ፡ ከምኡ'ውን ጸሓፊ ህግደፍ ኣቶ ረዘነ ኣደናይ ዝርከብዎም ሰበ-ስልጣን ዝተሳተፍዎ ሰልፊ ህዝቢ፡ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ካብ ሕጥምሎ ክሳብ መቓብር ሓርበኛታት ተኻዪዱ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣኽሊል ፅንባብ ኣንቢራ።

እቲ ናይ ዝኽሪ ኢጋጥሞ፡ ጉጅለ ባህሊ እዚ ምብራቕን ካልኦት ስነ-ጥበባውያንን ብዘቕረብዎ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ማዕሪጉ ነይሩ።

ብ19 ሰነ ካብ ሲነማ ሰገለት ክሳብ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት ኣብ ዝተኻየደ ሰልፊ ሽምዓ፡ ብርክት ዝበለ ህዝቢ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ካልኦትን ተሳቲፎም።



# ኣከባቢ







# ሓምላይ ቀጠባ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረሰ)

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ፡ ዕላማን ተልእኾን ምምስራት ስርዓተ ሓምላይ ቀጠባ ምስ ካልኦት ኣምራት ስርዓተ ቀጠባ ብምዝማድ፡ እወታውን ኣሉታውን ጉድኒታቱ ዘጸር ትሕዝቶ ቀሪቡ ነይሩ። ወጽኢቱ ንምግማን ረብሓኡ ዝተረድኣ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ገለ ሃገራት ከኣ ዓቢ ይሰርሓሉ ምህላወንን እውን ገሊጽና። ብዘይካ'ዚ፡ ጽልዋ ምዕቃብን ምስሳንን ኣግራብ፡ ኣብ ህላወ ህይወታዊ ብዙሕነት፣ ተጠቃምነት ኑዩዲን ኣከባብያዊ ጽልዋኡን …ወዘተ. ዘበርህ ትሕዝቶ እውን ነቢብና። ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ፦

### ሕርሻ፦

ምስ ምውሳኽ ቁጽሪ ህዝቢ ዓለም፡ እኹልን ትሩፍን ምህርቲ ንምፍራይ መሬት ሕርሻ ምስፋሕ ጫካታት ምቁጥቋጥን ጾዳፍ ቦታታት ምጥጣሕን ግድነት ኮይኑ፡ ኣብ መላእ ዓለም ክፍጸም ዝጸንሐ ተግባር እዩ። ኣብ ህይወታዊ ብዙሕነትን ምድኻይ ትሕዝቶ ሓመድን ድማ ርኡይ ምንቅልቃል ኣኸቲሉ። ውሕሉልን ወሁድን ኣጠቓቕማ ማይ፣ ባህርያዊ ድኸዒ፣ ምቁጽጻር ባልዓት ጸረ-ዘራእቲ፣ ብቑዕ ኣገባብ ማሕረሲ…ወዘተ. ሕርሻዊ እቶት ኣብ ምኽዕባት ልዑል ግደ ከምዝጻወቱ ዝፍለጥ'ዩ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ማሕረሲ ልምዳዊ ይኹን ዘመናዊ ብዝኾነ ኣከባብያዊ ዕንወት ዘየስዕብ ኣገባብ ተጠቒምካ፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣተኩሮ ክግበር የድሊ።

ዝኾነ ንጥፈት፡ ብዘቐዕ ፖሊሲን መቈጻጸሪ ኣገባብትን ንኡ ዝበቕዕ ዓቕሚ ሰብን ተመዲቡሉ ምስ ዝኸይድ፡ ወጽኢቱ እወታዊ ከምዝኸውን ኣየጠራጥርን። ኣብዚ ከሉ ሳዕ ዞማጉትን ሃገራት ናብ ምሕደራዊ ኣገባብተን ጠሚተን ዝዛረባሉ ጉዳይን ሕርሻን ኣከባብን እዩ። ክልቲኦም ኣምራት ብሓደ ኣሳኺ ክትሰርሓሉም ንቕሓት ሕብረተሰብን ቅኑዕ ኣከባብያዊ ምሕደራን የድሊ። ብዘዕባ ከባቢ ከይተገደሰኻ ዝሕረስ እኽሊ ጥራይ እናተራእየካ ምስራሕ ግን መዘዙ ከቢድ ኣብ ርእሲ ሚዛ ሓምላይ ቀጠባ ክትሃንጽ ዘኽእል ኣይኮነን።

### ውሕሉል ምሕደራን ኣጠቓቕማን ሃብቲ ማይ፦

'ማይ ህይወት'ዩ' ክበሃል ከሎ፡ ክብርን መተካእታ ዘይብሉን ጸጋ ምዃኑ ንምግላጽ'ዩ። ብዘይ ማይ ዝነብር ህይወታዊ የለን። እቲ ጸቢቕ ነገር ከኣ ዓለምና ብማይ ሃብታም ፕላኔት እያ። ሰለስተ ርብዒ ካብ ጠቕላላ ስፍሓታ ብማይ ዝተሸፈነ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ብሕጽረት ጽሩይ ዝስተ ማይ ዝሳቐ ካብራኣ እልቢ የብሉን። ማይ ኣብ ማስርሕ ምንባርን ምንብባርን ፍጡራት ረብሓኡ ጸብጺብካ ኣይውዳእን። ስርዓተ ዑደት ማይን ክሊማን ኣብ ምርግጋእ፣ ቀጻልነት ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ኣብ ምውሓስ ድማ ግደኡ ዕዙዝ እዩ።

ቀረብ ውሑስን ጽሩይን ማይ፡ ካብ መሰረታዊ ጠለባት ደቂ-ሰብ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ብሰንኪ ዘይውሕሉል ኣጠቓቕማ፡ ብብኸላ ማይን ዋሕዲን ቀረብ ማይን ዝሳቐ ህዝቢ ዓለም ብዙሕ እዩ። ዋሕዲ ማይ ጽልዋኡ ኣብ ህይወታዊ ብዙሕነት ብሩህ ኮይኑ፡ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ዝገበርን ግዜን ዝሓለኸ ንዋታዊ ጸጋን ብዓይኒ ቁጠባ ክርአ ከሎ ከቢድ እዩ። ምስ ሕጽረት ማይ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ ካልእ ጸገም፡ ማይ ወለድ ሕማማትን ዘስዕቦ ሞትን እዩ። ነዚ ጸገም'ዚ ንምክልኻል ንሕክምና ዘወጽእ ገንዘብ፡ ኣብ ማሕበረ-ቀጠባዊ ዕቤት ደቂ-ሰብ ዘለዎ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን።

ሓምላይ ቀጠባ ንምህናጽ፡ ፈለማ ንወለዶታት ዝቕጽል እኹልን ጽሩይን ቀረብ ማይ ምርግጋጽ የድሊ። ከንዲ ዞባ ሰፊሕ ማይ ናይ ምውህላል ወፍሪ ምኽያድ ይሓትት። ምውህሃል ጥራይ ዘይኮነ ከኣ፡ ብኸላ ምክልኻልን ውሕሉል ኣጠቓቕማን ከተተኣታቱ የድሊ።

### ሰማያዊ ቀጠባ፦

ሰማያዊ ቀጠባ (Blue Economy)፡ ንባህርያዊ ጸጋታት ባሕሪ ዝሓቁፍ ስርዓተ-ቀጠባ እዩ። እዚ ስርዓተ-ቀጠባ'ዚ፡ ብደረጃ ዓለምን ከባቢን ኣብ ምምዕባል ዝርከብ እዩ። ውሕሉል ኣጠቓቕማ ጸጋታት ባሕሪ፡ ንወለዶታት ዝቕጽል ስርዓተ ሓምላይ ቀጠባ ኣብ ምህናጽ ሓጊዚ እዩ።

### ውሑስ፡ እኹልን ምዕሩይን ቀረብ ጸዓት፦

ውሑስ ቀረብ ጸዓት፡ ደቂ-ሰብ ዝበለጸን ዝተረጋገአን ናብራ ክህልዎም ይሕግዝ። ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ ግን፡ ኣብ ኑዳድን ዘይግብእ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋታትን ዝተመርኮሰ ምዕባለ ገለ ሃገራት፡ ብዋጋ ኣከባብያዊ ዕንወትን ብኸላን ዝመጸ እዩ። ዜጋታት ምዕቡላት ሃገራት በዚ ከቢድ ዋጋዚ ዝሓሸ ቀረብ ጸዓት ረኺቦም፡ ዝሓሸ ህይወት ክመርሑ ከለው፡ ዜጋታት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ግን፡ ጠለብ ጸዓት ንምምላእ፡ ኑዩዲ ዕንጸይቲን ፈሓምን ስለዝጥቀሙ፣ ብኽልቲ ሸነኽ ኣብ ኣከባቢ ዝወርድ ዕንወትን ብኸላን ገሊሑ እዩ። ኣከባብያዊ ዕንወትን ብኸላን ሓምላይ ቀጠባ ብምህናጽ ንምፍትሑ ዝተፈላለዩ ምህዞታት ክምዕበሉ ጸኒሖም ኣለው። ጠለብ ሕጽረት ጸዓት ንምምላእ፡ ጹሓያዊ፡ ንፋሳዊ፡ ካብ ዝመሸመሹ ሃገራት ዝምንጩ ባህርያዊ ጋዝ፡ ብዒድኢ ዲጋታት፡ ማዕበል ባሕሪታትን ውቅያኖሳትን…ወዘተ. ምጥቃም ከምዝከኣል ርጉጽ ኮይኑ ኣሎ።

ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ ዝኾነ ብኒት ካርቦን ከጉድል፡ ሓባራዊ ስራሕ ኩለን ሃገራት ዓለም የድሊ። እተን ጠንቂ ብኸላ ንምጉዳል ኣብ ዝሕግዝ ደረጃ ምዕባለ ዘይበጽሓ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ተጠቃምነት ኑዩዲ፡ ዕንጸይቲን ፈሓምን ከወግዳ፡ ኣምሳያኡ ኣከባብያዊ ጸጋታትን ኣከባቢን ሓምላይ ቀጠባ ንምህናጽ ይሕግዝ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዕድላት ስራሕ ፈጢሩ ቀጠባዊ ዕቤት ዘንግስ'ውን ምዃኑ ይእመነሉ።




ድሕነት ዘውሕስን ቀጠባ ማሕበራዊ ዕቤት ዘደንፍዕን፡ መመንጨዊ ሓይሊ ኤለክትሪክ ኣብ ምውዳድ ከቂምታ ክኢላታት ተጣበቕቲ ኣከባቢ ይመኽሩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ምህዞታት ቴክኖሎጂ ተጠቒምካ ብዙሓሰረ ዋጋ ጠለብ ጸዓት ከተማልእ ኣብ ዝኽእለሉ ደረጃ ምህላውና ዘማጉት ኣይኮነን። በዚ መሰረት፡ ቴክኖሎጂ ተጠቒምካ ዝኽዕበት ቀረብ ጸዓት ዝያዳ ንምምዕባሉ ክድፋኣሉ ዘለዎ እዩ። ተተካኢ ጸዓት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ከባቢታት ሓንቲ ሃገር፡ ዝሓሸ ኣማራጺን ወጽኢታውን ምዃኑ ይእመነሉ። ተተካኢ ጸዓት ብዘይካ'ቲ ዝህቦ ኣገልግሎት፡ ብኸላ ኣየር፡ ንዘቤታዊ ጸዓት ተባሂሉ ዝበርስ ኣግራብ ኣብ ምጉዳል ዕዙዝ ግደ ስለ ዝጻወት፡ ዝተዋሕሰ ንጹህ ኣየርን ኣከባቢ የረጋግጽ። ስለዚ፡ መንግስታት ረቡሓ ተተካኢ ጸዓት ብምስትብሃል፡ ንምምዕባሉ ዘተባብዕ ፖሊሲ ክሕድፋን ንትግባረኡ መደባት ሰሪዐን ክሰርሓሉን ተጣበቕቲ ኣከባቢ ይምሕጸኑ።

### ኢንዱስትሪ፦

ኢንዱስትሪ፡ ኣብ ሃልኪ ኑዩዲ ዝምርኮስን ልዑል ክፋል ቀጠባ ማሕበረ-ሰብ ዝሸፍንን ገዚፍ ጽላት እዩ። ኢንዱስትሪ ሸቐለት ፈጢሩ ቀጠባዊን ማሕበራዊን ህይወት ዜጋታት ዘረጋግእ ይኹን'ምበር፡ ብኣንጻሩ ሃሲያኡ ኣብ ኣከባቢን ኣየርን ቀሊል ኣይኮነን። ጽላት ኢንዱስትሪ ረብሓኡን ጉድኣቱን ብምዝማድ፡ ናብ ሓምላይ ቀጠባ ንምልዋጡ ዘኽእል ባይታ እኳ እንተሎ፡ ካብ ምምንጫው ጥረ-ነገራት ጀሚርካ ክሳብ ወዳእ ፍርያት ዘሎ መስርሕ ልዑል ጸዓት ዝጠልብ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ካብ መጠን ብኸላ ኢንዱስትሪታት ንምንካይ ካብ ዝሕግዙ ኣገባብት ሓደ፡ ኣገልግሎቶም ዘበቕዐ ናውቲ ዳግማይ ምምስራሕ እዩ። ውሕስነት መጻኢ ትውልዲ ዘረጋግጽ ምዕባለ ክውሓስ ከኣ፡ ስርዓተ ሓምላይ ቀጠባ ዝምዕብሉ መገዲ ክናደ ኣለዎ። ውሑስ ምሕደራ

### ሓምላይ ቀጠባ ኣብ ጽላት ቱሪዝም፦

ጽላት ቱሪዝም ኣብ ምምዕባል ቀጠባዊን ማሕበራዊን ዕቤት ሕብረተ-ሰብ ዝጻወቶ ግደ ዕዙዝ'ዩ። እንተኾነ፡ ንቱሪዝማዊ ጽላት ተባሂሉም ዝቐደዱ ኣገልግሎታት ብኸላ ኣየርን ብኒት ካርቦንን፡ ደረቕን ፈሳስን ጓሓፋት ዘመንጭዉን ብብዙሒ ማይ ዘህሉኹን እዮም። ብኸምዚም ዝተጠቕሱ ኣሉታዊ ረቛሒታት ዝጸሎ ቱሪዝማዊ ንጥፈት ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ይበዝሕ።

ክንዲ ዝኾነ "ጽላት ቱሪዝም ናብ ሓምላይ ቀጠባ ንምቕያሩ እንታይ ክግበር የድሊ?" ዝብል ምጉት ኣሎ። ናብዚ ደረጃ'ዚ ንምብጻሕ፡ ብኸላን ዕንወት ኣከባቢን ዘወግዱ ኣገባብትን ቴክኖሎጂን ምምዕባል የድሊ። እዚ ክውን ንምግባር፡ ንወፍሪ ዝዕድም ኣገባብን ድልዱል ባይታ ስራሕ ክትሃንጽ የድሊ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ከባቢ ቱሪዝማዊ ቦታታት ዝነብሩ ዜጋታት፡ ሕጋጋታትን ኣገባብትን ቱሪዝም ክፈልጡን፣ ብኡ ኣቢሎም ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ኣብ ከባቢኦም ዝፍጠር ናይ ስራሕ ዕድላት ክምዝኸኡን ምግባር የድሊ። እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ኣብ ወፍሪ ክኽሰቱ ዝኽእሉ ሽግራት ስለዝንክዩ፡ ብተገዳስነት ክሰርሓሉ ኣለዎ።

ሓምላይ ቀጠባ፡ ገና ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ስርዓተ-ቁጠባ'ዩ። ግብራውነቱ ይኹን ኣድማዕነቱ ዘርግጾ ብዙሓት ልምዓታዊ መደባት እውን ክትግበሩ ጸኒሖም ኣለውን። ገለ ካብኡ፡ ካብ ቀንዲ ሃገራዊ መስመር ኤለትሪክ ወጻኢ ንዝርከቡና ከባቢታት ተጠቀምቲ ተተካኢት ጸዓት ምግባር እዩ። እዚ ሜላ'ዚ ብሕልፊ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ብሰፊሑ ይሰርሓሉ ኣሎ። ሃገራት ደረጃ ቀጠባዊ ምዕባለን ብዘየገድስ ንወለዶታታት ዝቕጽል ምዕባለ ከውሕሱ፡ ሓምላይ ቀጠባ ንምድንፋዕ ባህርያዊ ጸጋታተን ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ መደባተን ኣእትየን ክሰርሓሉ ክኢላታት ስነ-ቀጠባ ይመኽሩ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቁ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284



# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ስየ ነጋሽ

## ኣገባብ ምፍራይን ምምስራሕን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ገለ ኻብቲ ብዕቱብ ዘሰርሓሉ ዘሎ ስትራተጂ፡ ምትእትታውን ምሕያልን ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን እዩ። እዚ መደብ ብቐንዱ ካብ ነዊሕ ጀሚሩ'ኳ ክሰርሓሉ እንተጸንሐ፡ ካብ መፈለምታ 2021 ዓ/ም ጀሚሩ፡ ካብ ኵለን ክፍልታትን ጨናፍርን ሚኒስትሪ፡ መሻርኽቲ ኣካላትን ዝተዋጽኡ ብርክት ዝበሉ ክኢላታት ዘለዋ ሓንቲ ሽማግለ ብምቛም፡ ብሰፊሑ ይሰርሓሉ ኣሎ። እዛ ብ "ሽማግለ ምትብባዕ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን" ብዝብል ስም እትፍለጥ ኣካል፡ ድሮ ፍርያታ ናብ ተጠቃምነት ኣብቂዓ፡ ዘተባብዕ ውጽኢት ተረኺብዎ፣ ብዝሰፍሐ ይሰርሓሉ ኣሎ። ንሎሚ እምበኣር ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ ብፍሉይ ንኣገዳስነትን ገስጋስን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ኣመልኪታ ንኣባል ንኡስ ሽማግለ ምትብባዕ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ዝኾነ ክኢላ ምክልኻል ጥዕና ብቝሊ መንእሰይ ዓንዳይ ሰመረ ብምውካስ ዝተዳለወ ጽሑፍ ሒዛ ቐሪባ ኣላ።

*** ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ምስ ባህርያዊ ሕርሻ ብኸመይ ይወሃሃድ?**

- ባህርያዊ ሕርሻ ዝብሃል ካብ ተጠቃምነት ቀመማዊ ወይ ከሚካዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መኻዕበቲ እቶት ናጻ ዝኾነ ኹሉ ንጥፈታት ምፍራይን ምክልኻልን ባልዓትን ብባህርያዊ መስርሕ ምስ ዝሓልፍ እዩ። እዚ ኸኣ ብቐንዱ ተጠቃምነት ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ሓደ ካብቲ ውሁድ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት ኰይኑ ምስ ካልኦት ዝተፈላለዩ ሕርሻዊ ንጥፈታት ከም ምቅይያር ዘራእቲ፡ ምጥቃም ብግቡእ ዝተመስርሐ ድኹዒ (ኮምፖስት)፡ ጽሬት ግራት ካልኦትን ኣብ ባህርያዊ ሕርሻ ኣገደስቲ ረቛሒታት ይኾኑ።

***ብደረጃ ዓለም ክንደይ ዓይነት ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ኣለዉ?**

- ብደረጃ ዓለም ካብ ዘለዉ ዓይነት ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ፡ ባሲለስ ቱሪንጀነሲስ ዝተባህለ ባክተርያ (B.T) ኣብ ዕዳጋ ብብዝሒ ንረኽቦ፣ እዚ ዓይነት ጸረ-ባልዕ ካብ ታህዋስያን ዝተመስርሐ ኾይኑ፡ ኣብ ምክላኻል ዝተፈላለዩ ባልዓት ኣድማዒ ኰይኑ ይርከብ። ካልኦት'ውን ካብ ፋንገስ (Enthomo Pathogenic Fungi)፡ ቫይረስ፡ ኔማቶድ ዝተመስርሑ ዝተፈላለዩ ዓይነት ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ከም ዘለዉ ይፍለጥ። ብተወሳኺ ካብ ተኽሊ (ዕጸዋት) ዝተሰርሑ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ፡ ውጽኢት ተኽሊ ኒም ዝኾኑ፡ ኣብ ዕዳጋ ብብዝሒ ንረኽቦ። ካልኦት'ውን ካብ ቡን ጥልያን፡ ዓሻ ገረብ፡ እተፈላለዩ ቀመማት ከም ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ጅንጅብል፡ ቀይሕ ሽጉርቲ፡ ብእተፈላለየ መልክዕ ተዳልዮም፡ ኣብ ምክልኻል ባልዓትን ሕማማትን የገልግሉ። ካብዚ ወጻኢ'ውን ከም መጻወድያ ሓሳኹ ኰይኖም ዘገልግሉ እተፈለላዩ ናይ ብርሃን መጻወድያን ብሽታ ዝተሓዙ (Attractant traps) ኣብ ዕዳጋ ዓለም ብብዝሒ ይርከቡ።

***ተመኩሮ ሓረስቶት ሃገርና ኣብ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ከመይ ይርአ?**

- ካብ መሰረቱ፡ ሓረስቶት ሃገርና ኣብ ባህርያዊ ሕርሻ ዝተመርኰሰ ኣገባብ ማሕረስ የዘውትሩ ከም ዝነበሩ ናይ ቀረባ ተዘክሮ እዩ። እዞም ኣገባባት ባህርያዊ ሕርሻ ከም ምቅይያር ዘራእቲ፡ ዋህራርን ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ዘጠቓለለ እዩ። እንተኾነ ምስ ምትእትታው ዘመናዊ ሕርሻ ኣብ ግዜ መግዛእታዊ ስርዓታት፡ ተጠቃምነት ቀመማዊ ጸረ-ባልዕን ሰብ-ሰርሖ ድኹዕን እናተዘውተረ መጺኡ።

*** እዛ ንኡስ ሽማግለ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ክሳዕ ሕጂ ዘዓመመቶ ንጥፈታት ከመይ ይመስል?**

- እዛ ኣብ ሃገራዊ ሽማግለ ምድላው ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ተሓቝፋ እትርከብ ንኡስ ሽማግለ ምምዕባል ጸረ-ባልዕ፡ ቀንዲ ዕላማኣ ነቶም ብያታዊ ኣገባብ ሕብረተሰብና ዝጥቀመሎምን ካልኦት ባህርያዊ ጸረ-ባልዓት ብምልላይ፡ ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ፈተነታትን መርመራታትን እናኣካየድካ ምርዓሞምን፡ በብእዋኑ ተጠቃምነት ቀመማዊ ጸረ-ባልዓት ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ምጥቃምን ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ምውራድን እዩ። ዛጊት ብርክት ዝበሉ ባህርያዊ ጸረ-ባልዓት ተለልዮምን ግቡእ መጽናዕቲ ተገይርሎም ዘተባብዕ ውጺኢት ስለዝተረኽበሎም፡ ኣብ ሓረስቶት ንዝያዳ ተኣማንነት ይፍተኑ ኣለዉ። ገለ ንምጥቃስ ካብ ተኽሊ ኒም ብመልክዕ ፈሳሲ ዝዳሎ ሓርጭን ዘይትን ብቐዳማይ ደረጃ ንረኽቦ። ካልኦት'ውን ውጽኢት ተኽሊ ዝኾኑ ቀመማት (Oriental Herbal Nutrient) ከም ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ጅንጅብልን ቀይሕ ሽጉርትን ዝዳሎ ጸረ-ባልዕ ኣብ ምክላኻል ዝተፈላለዩ ሕማማትን ፋንጋስን ኣብ ምፍዋስ ጸቡቕ ገስጋስ ተረኺብዎ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ምክልኻል ሓመድ-ጸወር ሕማማት ጽቡቕ ገስጋስ ዘርኢ ዘሎ ካብ ተኽሊ ተምሪ ሙሳ ዝዳሎ ዓይነት ጸረ-ባልዕ እዩ። እዚ ጸረ-ባልዕ ኣብ ን/ዞባ ሰረጀቓ ከባቢ ገሽናሽም፡ ኣብ ምክልኻል ባልዓት ልምዓት ድንሽ ኣብ ዝተገብረ ፈተነ ኣተባባዒ ውጽኢት ተረኺብዎ።

ካልኦት ዝተፈላለዩ መጻወድያታት ተጠቂምካ ዝግበር ምክልኻል ሓሳኹ'ውን ኣለዉ። ብፍላይ ኣብ ፍረታት፡ ባልዓት ንምክልኻል ብርሃንን ሽታን ዝኣመሰሉ መጻወድያ ተጠቒምካ ዝግበር ሜላ'ውን ገለ ብሓረስቶት ዝውቱራት ዝኾኑ ኣገባባት እዮም።

***ኣብ ንጥፈታትኩም ካብ ተኽሊ ኒም ዝዳሎ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ኣተኵርኩም ኢኹም ትሰርሑ ዘለኹም። እንታይ'ዩ'ኸ ብልጫኡ?**

- ብሓፈሻ፡ ተኽሊ ኒም ብቐመማዊ ትሕዝቶ ኣዝዩ ሃብታም ዝኾነ ገረብ እዩ። ብደረጃ ዓለም እንተርኢና'ውን ብኣገልግለቱ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ ንረኽቦ። ኣብ ሰፊሕ ክሊማዊ ስፍራ (ኣግሮ-ኢኮሎጂ) ክዓቢ ይኽእል፣ ኵሉ ክፋላት ተኽሊ ንመስርሒ ጸረ-ባልዕ የገልግል። ብተወሳኺ ክሳዕ 200 ዓመት ዕምሪ ዘሎዎ ተኽሊ እዩ።

ቀመማዊ ትሕዝቶ ተኽሊ ኒም ክንርእዮ ኸሎና፡ 40 ዝበጽሑ ባእታታት ዝሓዘ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ቀንዲ ንጡፍ ባእታ ኣዛድራክቲን ዝተባህለ ኾይኑ ኸም ጸረ-ሓሳኹ፡ ጸረ-ፋንጋስ፡ ጸረ-ቁማጤ (ሳሬት መሰል) የገልግል፣ ሰፊሕ ሽፈነ ድማ ኣሎዎ። ካብ ፍረ ኒም ብመልክዕ ዘይቲ ዝምስራሕ ጸረ-ባልዕ ንነዊሕ ግዜ ከይተበላሸወ ካብ ሓደ ዓመት ክሳዕ ሓደ ዓመትን ሽድሽተ ወርሕን ክጸንሕ ይኽእል። ብተወሳኺ ዘይቲ ኒም ድሕሪ ምጽማቑ ዝተረፈ ግለት (ኒም ኬክ) ሃብታም ትሕዝቶ ማዕድናት ዘለዎ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን እዩ።



ዓንዳይ ሰመረ

*** ናብ ሓረስቶት ናይ ምዝርጋሕ መደብ ከመይ ይመስል?**

- እዚ ናይ ግለት ወይ ኒም ኬክ ዝካየድ ዘሎ ፈተነ ምስተወድአ፡ ንኣብነታውያን ሓረስቶት ናብ ኵለን ዞባታት ክዝርጋሕ መደብ ተታሒዙሉ'ሎ። ኣብ መወዳእታ'ውን ኣብ ሓረስቶት ክሳዕ ክንደይ ጠቓሚ ነይሩ ዝብል ገምጋም ክግበረሉ እዩ።

***ተቐባልነት ሓረስቶት ኣብ ምትእትታው ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ከመይ እዩ?**

- ቅድሚ ሕጂ ንሓረስቶት ግብራዊ ስልጠና ተዋሂቡ ነይሩ'ዩ። ድሕር'ቲ ስልጠና ሓረስቶት ባዕላቶም ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ብምድላው ንግራውቶም ኽጥቀሙ ጀሚሮም እዮም። ንኣብነት ኣብ ዞባ ማእከል ብዙሓት ሓረስቶት ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ክጥቀሙ ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ኸኣ ደረጃ ተቐባልነቱ ኣብ ሓረስቶት መገምገሚ ይኾነና። ብዝተፈላለየ መገዲ'ውን ግብረ መልሲ ይመጸና እዩ።



ንቐደም በሉ!

### ግቡእ ኣተዓቃቕባ ኣሕምልቲ

**ክዕቀቡ እንደልዮም ኣሕምልቲ**

- ኣሕምልቲ ከም በዓል ሽጉርቲ/ ካሮት/ ውልዶ ኩኩምበር/ ባልደንጓ/ ኣዳጉራ/ ፋጆሊ/ ካውሎ ፍዮሪ/ ጻዕዳ ሽጉርቲ
- መዐቀቢ ፈሳሲ



**ንመዳለዊ መዐቀቢ ፈሳሲ ዘድልዩ ጥረ ነገራት፦**

- ሓደ መትሓዚ ዝኾነና ጥርሙዝ
- ፍርቂ ኩባያ ማይ
- ሓደ ኩባያ ኣቸቶ
- ፍርቂ ኩባያ ሽኮር፡
- ውሑድ ዓቐን ጸሊም በርበረን ጨውን
- ዝነቐጸ ሳውሮ/ጠስነ ወይ ድማ ሮዝማሪኖ

**ኣገባብ ኣደላልዋ**

- መጀመርታ ነቲ ኽንዕቅቦ ዝደለና ዓይነት ሓምሊ፡ ኣብ ማይ ጌርና ንኽልተ ደቓይቕ ነንፈኽፍኾ፡ ብድሕሪኡ ኣብ ዝሑል ማይ ንገብሮ
- ቀጺልና ዘዳለናዮ ጥረ ነገራት መዐቀቢ ፈሳሲ፡ ኩሉ ብሓደ ሓዋዊስና ክሳዕ ሽረኽረኽ ዝብል ኣብ ሓዊ ንስኽትቶ
- ሓምልና ምስ ዘሓለ ኣብ ዝመኸነ ጽሩይ ጥርሙዝ ጌርና፡ ነቲ ዘዳለናዮ መዐቀቢ ፈሳሲ ብልዕሊኡ ብላዕሊ ፍርቂ ሰንቲ ሜተር ገዲፍና ነፍስሰሉ
- ኣብ መወዳእታ ብግቡእ ከዲንና ነዝሕሎ፡ ኣብ ዘድለየና ግዜ ድማ ንጥቀመሉ

ምንጪ ጽሑፍ:- Ursula Ameen

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ስራሕ ከም ፈውሲ ጭንቀት


እዚ ኹሉ ኣብ ጸጽባሕ ዝኽሰት ሓደስቲ ሕማማትን ለበዳታትን መን እዩ ክፍውሶ?! እዞም ኩሎም ዝቕረጹ ኣግራብ መን እዩ ክትክኦም?! እዞም ኩሎም ዝጸንቱ ዘለዉ ቋንቋታት ተሰኪሞሞ ዝኸዱ ፍልጠት እንታይ ዝበለ ናይ ድንቁርና ፈተነ እዩ ከምጽኣልና?! እዞም ኩሎም ታሪኾምን ተመኩሮኦምን ከይተዛረቡ ንዓዲ ሞት ዝኸዱ ሰባት መን እዩ ዘየዕለልክዎም ኢሉ ብጣዕሳ ኮፍ ኢሉ ክሓድር?! እዞም ኩሎም ዝህደኑን ዝጸንቱን እንስሳታት ዘይምህላዎም፡ ኣብ ኣከባቢ እንታይ ዝበለ ጉድኣት እዩ ከውርድ?! ናይ ኣፍሪቃ መጻኢ ከመይ ጌርና ኢና ዝሓሸ ክንገብሮ?! ኣብዚ ምዕቡል ዝብሃል ዘመን፡ ስለምንታይ እዩ ንስነምግባር ዘወሃብ ኣቓልቦ ዝንእስ?! እንታይ ኮይኖም ሕብረተሰባት ክብርታቶም ብሓደስቲ ልምዲታት ክሸራረፉ ሰቕ ኢሎም ዝርእዩ?! እንታይ. . . .?! እንታይ. . . . .?! እንታይ . . . .?!

“ኦፋ. . . . .ይ!

“ካልእና ይኣኽለና! ትጽሕፉ እንተ ኼንኩም ዛዕባ ደረፍቲ፣ ብዛዕባ ንእስነት፣ ብዛዕባ ደቂኣንስትዮ፣ ብዛዕባ ተዋሳእቲ፣ ብዛዕባ ተቓጻጸይቲ፣ ብዛዕባ ፋሽን ጸሓፉ። ብዛዕባ ኵዕሶ እንዶ ጸሓፉ። እንታይ ዝኸውን ጭንቀት እዩ?! ... ግደፉና!” ዝብል ኣንባቢ ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣማራጺ የልቦን። ወይ እውን እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ምጭናቕ ኮይኑ ኣሎ።

ኣብ መንጎ ሰባት ገለ ጭንቀት ዘለዎ ሰብ ኣሎ። ናይ ምንታይ ጭንቀት እዩ? እቲ ሰብ ንባዕሉ እውን ኣጸቢቑ ኣይፈልጦን እዩ። ድቃስ ዝኸልኦ፡ መግቢ ዝኸልኦ፡ ጸወታን ሰሓቕን ዝኸልኦ፡ ዕዮ ዝኸልኦ ጭንቀት ግን ንገለ ሰብ ኣለዎ። እዚ ዕዮ ተባሂሉ ዘሎ ግን ብብዙሕ መልክዑ ክርአ ዘለዎ እዩ። ንኣብነት ዝኾነ ሰብ ብዝኾነ ምኽንያት ምስ ዝጭነቕ፡ ሓደ ዝፈትዎ ሞያ ምስ ዝህልዎ ኣብኡ ከይዱ ክሕባእ ክፍትን ይኽእል እዩ። ብገለ መልክዑ ቅኑዕ እውን እዩ። ብሕልፊ ኸኣ እቲ ሞያ ሓሳብካ ክግልጽ ዝኽእል ዓይነት ወይ እውን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ናብ ፍታሕ ገጹ ዝመርሕ ዓይነት እንተ ኾይኑ ጽቡቕ እዩ። ኣብ ግዜ ምጭናቕ ካብ ዕዮ ክርሕቕን ኣብ ካልኦት መዘናግዕቲ ዝበሃሉ ነገራትን ክሕባእ ዝብል ሰብ እውን ኣሎ። ብርግጽ ጭንቀት እናዓበየን እንተ ኸይዱን ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኣብ ዝኾነሉን፡ ካብ ዕዮ ይትረፍ ገዛእ ርእሲ ካብ ምእላይን ምክንኻንን እውን ይኽልክል እዩ።

ቫን ጎህ ኣብዚ ዙርያ እዚ ክጥቀስ ዘለዎ እዩ። ቫን ጎህ ሓደ ካብቶም ኣብ ናይ ቅብኣ ታሪኽ ብድሙቕ ዝዝከሩ ሰባት ክኸውን ዝኸኣለ ቀባኢ እንክኸውን ኣብተን ውሑዳት ናይ ምንባር ዓመታቱ ብጭንቀትን ናይ ኣእምሮ ሕማምን ዝሳቐ ሰብ ነበረ። ይኹን እምበር እዚ ካብ ዓዲ ሳላሳ እንከይሰገረ ነፍሱ ኣሕሊፉ ዝተሰናበተ ድንቂ ቀባኢ፡ ጭንቀቱ ንዕኡ እንታይ እዩ ፈይድሉ? ኣብ መንጎ ስራሓቱን ናይ ጥዕና ኩነታቱን ዘሎ ምትእስሳር ብኸመይ ይግለጽ? ቅብኣታቱ ናይ ሕማሙ ውጽኢት ዲዮም ወይ ካብ ሕማሙ ንምውጻእ ኣብ ዝገብሮ ቃልሲ ዝተወልዱ ፍርያት? ከምኡ ዝበለ ጸገም ብስራሕ ክሃድእ ወይ ክፍወስ ዕድል ክህልዎ ይኽእል ድዩ? ንዝብሉ ሕቶታት 150 ዝበጽሑ ናይ ኣእምሮ ሓካይም መጽናዕቲ ኣካይዶም። ኣብ ስነ-ኣእምሮ ዝግደሱ ሊ.ቃውንትን ሓሰብትን እውን ክሳብ እዚ እዋን ከም ሓደ መርኣያ ናይ መጽናዕቲ ሓሲቦም ይምርምርዎ ኣለዉ። ከም ቀለማት ዝበዝሑ መልስታት እውን ይሰምዑ።



“ኦፋይ! ... ብዛዕባ ጭንቀት ምጽሓፍ እንታይ ክኸውን እዩ?! ... ጭንቀት!” ዝብል ክህሉ ይኽእል እዩ። ብርግጽ እዚ ጽሑፍ ንኸምኡ ዝበለ ዓይነት ሰብ ከኣ ዝያዳ ዘድልዮ ይመስለኒ። ቫን ጎህ ግን ንዓዲ ኩልና ከይዱ።

ጭንቀት እንታይ ማለት እዩ? ዝብል ሕቶ ሞያውን ዕሙቕ ዝበለን መግለጺ ዘድልዮ እዩ። ሰባት ከሳቒ ዝኑብር ሕማም ብርግጽ ክጽናዕን ክምርመርን ኣለዎ። ዋላ እኳ ኣብ ሕብረተሰብናን ኣብ ብዙሓት ካልኦት ሕብረተሰባትን ንጭንቀት ወይ ንናይ ኣእምሮ ሕማም ምስ ርኹሳት መናፍስቲ ጥራይ ብምትእስሳር ዝወሃብ ግምት እንተ’ሎ፡ ኩሉ መዳያዊ ዝኾነ ኣጠማምታ ከም ዘድልዮ ግን ግንዛበ ክውሰደሉ ኣለዎ።

ጭንቀት ተባሂሉ ክግለጽ ዝስማዕ ናይ ስምዒታት ማዕበል፡ ዓይነቱን ዝርግሐኡን ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ጸቕጢ፡ ናይ ኣእምሮ ምርባሽን ካልኦት ዝተደባለቑ ስምዒታትን ብዙሕ ግዜ ጭንቀት ዝብል ትርጉም ይወሃቦም። እቲ ካብ መብዛሕትኦም ናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላታት ዘወሃብ መግለጺ ጭንቀት ግን ‘ውጥረት ዘለዎ፡ ኣብዚ ግብራዊ ዓለም ምስ ዘለዉ ክስተታት ናይ ቀጥታ ምትእስሳር ብዘይብሉ ነገር ዝኽሰት ዝተጋነነ ወይ ዘይተመጣጠነ ናይ ፍርሓት ስምዒት እዩ፡’ ዝብል እዩ። ኣብ ህይወት ዝሓለፈ ዘርዕድ ሓደጋ ወይ ክስተት ወይ ናይ ርእሲ ማህረምቲ እውን ንጭንቀትን ናይ ኣእምሮ ሕማምን ምኽንያት ክኸውን ከም ዝኽእል ይግለጽ። ዝተጋነነ ናይ ነገራት ፍርሓት ዘለዎም ሰባት እውን ምስዚ ናይ ስነ-ኣእምሮ ጭንቀት ዝብል ሕማም ክግለጹ ዝኽእሉ ኣለዉ። ናይ ድሙ ዝተጋነነ ወይ ዘይተመጣጠነ ፍርሓት ዘለዎም ሰባት ንኣብነት፡ ናይ ኣእምሮ ሕማም ኣለዎም ኩብሎም ዝኽእል ኩነታት ክህሉ ከም ዝኽእል ይንገረሎም። ኣብ ካልኦት ነገራትን ክስተታትን እውን ብተመሳሳሊ።

ኣብዚ ዘመን ዝርአ ምስ ናይ ህይወት ጠለባት ተኣሳሲሩ ዝግለጽ ጭንቀት ኣሎ። እዚ ንብዙሕ ሰብ እናኣጥቅዐ ዝመጽእ ዘሎን ናብ ዝኸፍአ ደረጃ እውን ዘሰጋግርን ምኽኑ ከኣ ይንገረሉ። ቍጠባዊ ምንቍልቋል፡ ናይ ዝምድና ህይወት ምብልሻው፡ ሞያዊ ዕግበት ምስኣን፡ ኣብ ዘየቋርጽ ናይ ምውድዳርን ምስዕዓርን መንፈስ ምጥሓል፡ ወዘተ ናይ ኣእምሮ ምህዋኽ ወይ ጸቕጢ ከስዕቡ ዝኽእሉ ተባሂሎም ይግለጹ። ብርግጽ ሰባት ወይ ኣጋጣሚታት ንሰብ ክሳብ ክንደይ እዮም ኣብ ሕማም ኩብጽሕዎ ዝኽእሉ ኣካታዒ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ህይወትና ጸገም ከምጽእ ዝኽእል ናይ ሰባት ወይ ኣጋጣሚታት ኣሉታዊ ሓይሊ ዘይኮነ እቲ ንሕና ነቲ ኣሉታዊ ስምዒት ወይ ክስተት እንህቦ ግብረመልሲ እዩ ዝብል ዓቢን ተሰማዒን መከራኸሪ ኣሎ። ብዘይካ’ዚ፡ ንብዙሕ ሰብ ናብ ተመሳሳሊ ጸገም ዘእትዉ፡ ተመሳሰልቲ ኣሉታውያን ሓይልታት ስለዘለዉ ብርትዐ ኣሉታዊ ሓይሊ ተጸጊዑ ክርአ ዘይብሉ እዩ ዝብሉ እውን ኣለዉ።

“ጠለቤዱ ብኸመይ ትንበር?” እትብል ናይ መለስ ንጉሰ ዛንታ ብዛዕባ ጭንቀትን ምጭናቕን ጽቡቕ ኣስተምሮ ዘለዋ እያ። እታ ዛንታ ከምቲ ገሊኦም “ፈውሲ ምሕካኽ ጽቡቕ ጌርካ ምሕካኽ እዩ” ዝብልዎ ዓይነት እያ። እታ ብስእነት ድቃስ ተሳቕያ ናብቲ ሓኪም እትኸይድ ጠባይ እቲ ኣማኻሪ እውን ካልእ ክትጭነቐሉ ዘለዋ ዕዮ ገዛ ሂቡ እዩ ዕረፍቲ ዝፈጥረላ። “በይኑ ዝበልዕ በይኑ ይመውት” ከም ዝተባህለ፡ ንበይኑ ዝሓስብ እውን በይኑ እዩ ዝጭነቕ።

ሓካይም ስነ-ኣእምሮ ካብ ዝምዕዱሉ ናይ ኣእምሮ ጥዕና መረጋገጺ ዝኾኑ መንገዲታት ሓደን ቀንዲን ስራሕ እዩ። ስራሕ ካብ ጭንቀት ዘድሕን ፍቱን መድሃኒት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ብዙሓት ኣጋጣሚታት ከም መንገዲ ፍወሳ ጸቕጥን ጭንቀትን ኮይኑ እውን ከገልግል ከም ዝኽእል እዩ። ዊንስተን ቸርችል፡ ንዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ግዜ ካልኣይ ኩናት ዓለም ይመርሓሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ንመዓልቲ 18 ሰዓታት እናሰርሐ ኣብ ኩናት ዘላ ሃገር መሪሑ ከሳግር ከመይ ጌሩ ከም ዝኽእሎ፡ ጭንቀት ከመይ ጌሩ ከም ዝጸውር ምስ ተሓተተ፡ “ብዙሕ ካልእ ስራሕ ስለ ዘለኒ ንምጭናቕ ዝኸውን ግዜ የብለይን፡” ክብል እዩ መሊሱ። ብስነ-ልቦናዊ መጽናዕቲ ከም ዝተመስከረ ባህርያዊ ብዝኾነ መንገዲ ሓደ ሰብ ዋላ ክንዲ ዝበልሐ ኣእምሮ ይሃልዎ ኣብ ሓደ እዋን ካብ ሓደ ሓሳብ ንላዕሊ ክሓስብ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ኣብ ስራሕ ምውፋር ዝጠልቦ ናይ ኣእምሮ ወፍሪ ነቲ ኣእምሮ ካልእ ጎዳኢ ሓሳብ ንኸይወሮ ዝኽልክሎ እዩ።

ወተሃደራውያን ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓካይም ከም ዘረድእዎ ኣብ እዋን ኩናት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ናይ ኣእምሮ ነውጺታት ምስ ዝፍጠሩ፡ እቲ ፍታሕ ከምዚ ክግለጽ ዝጸንሐ እዩ። ድሕሪ ኩናት ናብ ህንጻ፡ ሕርሻን ካልኦት ማእቶታትን ወተሃደራት ከም ዝወፍሩ ዝግበረሉ ሓደ ምኽንያት እዚ እዩ። እዚ ማእቶታዊ ወፍሪ ነቶም ወተሃደራት ስራሕ ጥራይ ዘይኮነ፣ ነቲ ሞት፡ ስንክልና፡ መቑሰልቲ፡ ጥሜት፡ ጽምኢ፡ ምፍልላይን ከርተትን ክርኢን ክስከምን ዝጸንሐ ኣእምሮ ካብ ምቑዛም ዘገላግል መድሃኒት’ውን እዩ። እዚ ናይ ስራሕ ፍወሳ (Occupational therapy) ይበሃል። እዚ ናይ ስራሕ ፍወሳ ነቶም ወተሃደራት ኣብ ኣእምሮኦም ንዝጸንሐ ኩሉ ዓይነት ናይ ኩናት ክፉእ ገጻት ካብ ምሕሳብ ንኽገላገሉ እዩ። ብተወሳኺ እውን ካልኦት ሓባራውያን ዝኾኑ ናይ ልምዓት፡ ወፍሪን ብልጽግናን ዝኽሪታት ይፈጥር። እዚ ልክዕ ከምቲ ንሓደ ብጥሜት ማህሚኑ ዝጸንሐ ሰብነት ናብ ንቡር ንምምላስን ካብኡ ሓሊፉ እውን ድልዱል ንክኸውንን ከም ዝግበር ናይ መግቢ ሓገዝ እዩ። በዚ መንገዲ ኣእምሮ፡ ቊስሉ ክዝንንን ብሓድሽ ጸዓት ክብገስን ይኽእል።

ኣብ ዓውዲ ስነ-ጽሑፍ “ጸገም እንተ ዘየለ ዛንታ እውን የለን” ዝብል ፍሉጥ ኣበሃህላ ኣሎ። መቐረት እቲ ዝንበብ ዛንታ ካብቶም ጸገማት ንምውጻእ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ዓቢ ተመርኲሲነት ኣለዎ። እንተዘይኮነ ዝኾነ ሰብ ከንብቦ ዝብህጎ ዛንታ ክጸሓፍ ኣይከኣልን። ኣብ ምንባር እውን ከምኡ እቶም ሕጽረታት ወይ ሽግራት እዮም ነቲ ምንቅስቓስ ዝፈጥርዎ። እቲ ናይ ህይወት ዛንታ ኸኣ ሸው ይጸሓፍ። ኣደናቒ ዝብሃል ዛንታታት እውን፡ ናይቶም ኣብ መከራ ድሕሪ ምእታዎም ካብኡ ንምውጻእ ብልሓት ዝቐየሱ እዩ። ዛንታ እቲ ብልሓተኛ ራዛ ምስ እነንብብ፡ እቲ ራዛ ኣብ ሓደ ብማይ ሃብታም ዝኾነ ከባቢ እንተሎ ብጽምኢ ማይ እንተ ዝጥቃዕ፡ ዛንትኡ ንምጽሓፍ ዝበቅዕ ክኸውን ከመይ ኢሉ ይኽእል? ጽንቃቕ ማይ ኣብ ዘለዎ ዝተሸገሮን ነተን ጽንቃቕ ኣካዊኑ ካብ ብጽምኢ ዝስዕብ ሞት ንኽድሕን ዝገበሮ ብልሓትን ግን ንዕኡን ንዓናን ይምህር።

መብዛሕትኦም ናይ ኣእምሮ ጸቕጥታት ኮኑ ነውጺታት ካብ ቀሊል ዝኾነ መበገሲ ተወሊዶም ዝዓብዩ እዮም። ኣብዚ ንኡስ ደረጃ እንከለዉ እንተ ተማሕዲሮም እምበኣር ብኣዝዩ ውሑድ ዝኾነ ሃልኪ ክድሕኑ ይኽእሉ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ምምዕባል፡ ካብ ወልፊ ናጻ ምዃን፡ ካብ ዓቕን ዝሓለፉ ትጽቢታት ዘይምህላውን ዝመሰሉ ረቛሒታት እውን ከሎ ገና ነዞም ሽግራት ንምክልኻል ዝኽእሉ ፍቱናት መንገዲታት እዮም።

ናይ ስነ-ኣእምሮ ጸገማት ክፍወሱ ዝኽእሉን ዘይክእሉን ኩነታት ክህሉ ከም ዝኽእል ምሁራት እቲ ዓውዲ ይነግሩ። መንፈሳውያን ዝኾኑ ናይ ምፍዋስ መንገዲታት ከም ዘለዉ እውን ርኡይ እዩ። እዚኦም ከም ዘለዉዎ ኮይኖም ግን ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ ናይ ኣእምሮ ሕማምን ምርባሽን ዝበጽሑ ወይ እውን ናብኡ ገጾም ንዝምርሑ ዘለዉ ዜጋታት ካብ ልቢ ዝነቐለ፡ መሰረታዊ ዝኾነ ጸገም ክፈትሓሎም ዝኽእልን ዘየቋርጽን ደገፍ ክንገብረሎም ይግባእ። ከም ሰዓል ወይ ዓሶ ናይ ኣእምሮ ሕማም እውን ሕማም ከም ዝኾነ ኣብ ሕብረተሰብ ምእንቲ ክፍለጥ ኩሉ ሰብ በብኸባቢኡ ክመዓዓደሉ ዘለዎ እዩ። እንተዘይኮነ ነፍሲ ወከፍ ናይ ኣእምሮ ሕሙም ኣብ እንርእየሉ ኣጋጣሚ፡ ቀርኒ ዘለዎ ሰይጣን ጥራይ ብምሕሳብ በርደግደግ ምባል ሃገርን ሕብረተሰብን ከኽስር ዝኽእል እዩ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘማዕበሉ ሰባት ብዓቕሞም ክዓይሉ ኣብ ዝኽእሉ ሞያ ከም ዝዋፈሩ ምግባር ከኣ ነቶም ሰባት፡ ስድራቤታቶም፡ ብዓባያ ከኣ ንሃገር ምሕጋዝ እዩ። ምኽንያቱ ፋይዳኡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ኢኮኖሚ ዓቕሞም ሓፍ ከም ዝብል ጥራይ ዘይኮነ ካብ ሕማም እውን ዝድሕኑሉ ዕድል ክፈጥር ይኽእል እዩ።

ሙሴ ብርሃነ

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ

መበል 39 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ "ኢቃውማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ዓቢ ኣርእስቲ፡ ንኢቃውማ ሃገራት ሱዳን፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ሶማል ተመልኪትና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦*

### ኣቃውማ ሃገረ ኢትዮጵያ

ኩተዘንትዎ ካብ ዘሰክፍ ሃገራዊ ታሪኻት ሓደ፡ ታሪኽ ኣቢሲንያ ወይ ኢትዮጵያ እዩ። እቲ ዘገርም ንታሪኽ ኣብሲንያ ዝገልጹ ብዙሓት መወከሲ ጽሑፋት እዮም ዘለዉ። ኮይኑ ግን ኣየናይ እዩ እቲ ሓቂ? ኣየናይ እዩ'ኸ እቲ ጽውጽዋይ? ምፍላዩ ክሳብ ዘይክኣል ድብልቕልቕ ዝበለ ብምዃኑ ኣሸጋሪ'ዩ። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣገዳሲ ታሪኽ ከም ዘሎ ዘይክሓድ ሓቂ እዩ። እቲ ጸገም ዝፈጥር፡ ካብ ታሪኻዊ ጽሑፋት፡ ዝምችኦም ሓርዮም ብምውሳድን ዘይነበረ ባዕሎም ምሂዞምን 'ታሪኽ ኣቢሲንያ ወይ ኢትዮጵያ' ዝጽሕፉ፡ መሳፍንቲ ኣቢሲንያ ወይ መንግስታት ኢትዮጵያ ማህደረ ትምህርቶም ዝመውልዎም ደዮም ሕሉፋት ኢትዮጵያውያን-ሾቪናውያን ዝጸሓፍዎ ጽውጽዋያዊ ታሪኽ ብዙሕ ብምዃኑ እዩ።

ነዚ ሕጂ ኢትዮጵያ ኣጓኒፉዎ ዘሎ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ኣብ ሓቀኛ ሃገራዊ ታሪኽ ዝሰረተ ሃገራዊ ወሀደት ንምርግጋጽ ዕቱብ ኣብ ሓቂ ዝተመርኰሰ ታሪኽ ኢትዮጵያ ምጽሓፍ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ብቐንዱ ንልሂቃንን ተመራመርቲ ታሪኽ ኢትዮጵያውያን ዝምልከት እዩ። ኣብዚ ክፋል ናይዚ ጽሑፍና እምበኣር፡ ኑቲ ጽውጽዋይ ትንክፍ ኣቢልና፡ ገለ ክፋል ታሪኽ ኢትዮጵያ ክንድህስስ ክንፍትን ኢና።

ታሪኽ ሃገርካ ኣጸባቢቕካ ወይ ኣጋኒንካ ምጽሓፍ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተጀመረ ኣይኮነን። ኣብ 18-19 ክፍለ-ዘመን ኣብ ኤውሮጳ ዘመናውያን ሃገራት ኣብ ዝተመስረታሉ እዋናት፡ ፈጠራዊ ወይ ዝተጋነነ ዛንታ ሃገር ምጽሓፍ ልሙድ እዩ ነይሩ። ሓደ ካብ ከምዚኦም ዓይነት ጸሓፍቲ ፈረንሳዊ ኒኮላስ ሾቪን (Nicloas Chauvin) እዩ። ብሓቂ ሾቪን ዝበሃል ሓደ ሰብ ነይሩ ድዩ? ወይስ ሾቪን ናይ ብርዒ ስም ናይ ብዙሓት ጸሓፍቲ እዩ? ክሳብ ሕጂ ኣካታዒ እዩ። በዚ ኮይኑ በቲ፡ ትሕዝቶ ጽሑፍ ሾቪን ሃገራዊ መንነት ፈረንሳ ንምሕያል፡ ባህሪ ፈረንሳውያን ዘጋንን ንካልኦት እንዳታት (ህዝብታት) ዘካኣእሰን ኣብ ሓቀኛ ታሪኽ ተሞርኲሱ ዝተጋነነ ወይ ከኣ ጨሪሹ ዘይነበረ ዝተፈብረኸ ታሪኽ፡ ግጥሚታትን ደርፍታትን ዝሓዘ እዩ። ናይ ሾቪን ጽሑፋት ሃገራዊ መንነት ፈረንሳውያን ኣብ ምሕያል ተራ ነይሩዎ ክኸውን ከምዝኽእል ምግማቱ ኣየጸግምን። ምስ ግዜ ግን እቲ ታሪኽ ልቢ ወለድ ዝተሓወሶ ዝተጋነነ ምዃኑ ሰባት እናተረድኦም ምስ ከደ፡ ታሪኽ ምፍብራ ምግናንን ምስናዕን፡ ሾቭንነት (Chauvinism) ዝብል ሳጓ ለጊብዎ። ካብዚ ብምብጋስ ሎሚ ሾቭንነት ዝብል ኣምር፡ ንሕሉፋት ቀቢላውያንን ንትምክሕተኛታት ደቂ ተባዕትዮን መግለጺ እንጥቀመሉ መጸውዒ ኮይኑ ኣሎ።

ገለ ጸሓፍቲ ኢትዮጵያውያን፡ ናይ ሾቪን ስልቲ ተጠቒሞም፡ ንገለ እንዳ ወይ ኤትኒክ ኢትዮጵያ ዘዕቢ ንካልኦት እንዳታትን ኤትኒካትን ዘካኣእስ ፈጠራዊ ዛንታ ሃገራዊ ታሪኽ ኣምሲሎም ከም ዝጸሓፉ፡ ገና እውን ክሳብ ሕጂ ከምኡ ዓይነት ጽሑፋት ከምዝይተኣረመን ይፍለጥ። እቲ ጽውጽዋያት ንነዊሕ ዘመናት እናተሰጋገረ ዝመጸ ብምዃኑ፡ ኑቲ ሓቅን ሓሶትን ታሪኽ ኢትዮጵያ ፈላሊኻ ምርኣዩ ኣጸጋሚ ይገብሮ። ሕማም ጎረቤት ተመሓላላፋይ ከም ዝበሃል፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሒደት ዓመታት ሾቭኒነት ዘጥቀያም ንገለ እንዳን ቀቢላን ዘዕብዩ ንካልእ እንዳታትን ኤትኒካታትን ዘካኣእሱ ሒደት ኤርትራውያን ኣይተሳእኑን። ሓቂ እዩ ኣብ 19-20 ክፍለ ዘመን፡ ሾቪናዊ ጽውጽዋይ ንሰባት ከደናግር ይኽእል ነይሩ፡ ሎሚ ግን፡ ስነፍልጠታዊ ምርምርን ኣጸናንዓን ኣጸሓሕፋን ታሪኽ ስለዝማዕበለ ተቐባልነት የብሉን።

እቲ ካልኣይን ቀንድን ጸገም ጽሑፋት 'ታሪኽ ኢትዮጵያ' ብዙሕ ዝተሰነየ ዛንታ ከም ታሪኽ ምቕራቡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ተሰኒዑ ዝተጻሕፈ ታሪኽ ከም ጭቡጥ መወከሲ ወሲዶም ተወሳኺ ዝንቡዕ 'ታሪኽ' ዝጽሕፉ ብዙሓት ምዃኖም እዩ። ንኣብነት ማቲው ቻድ ኩቲስ፡ ኣብ 1999-2000 ብተሓባባርነት ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ሰፊሕ መጽናዕቲ ስነ-ከባቢ ብምክያድ፡ 1400 ዝገጾቱ ኣገዳሲ ሰነድ ኣቕሪቡ። "Archeological Investigations in the Greater Asmara Area: A Regional Approach in the Central Highlands of Eritrea (Matthew Chad Cutis 2005)" እዚ ብኩቲስ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ሰፊሕን ኣገዳሲ መበገሲ ባይታን ምዃኑ ኣየጠራጥርን። እንተኾነ ግዳ፡ እዚ ሰነድ'ዚ እውን ኣብ ገለ ክፋላቱ ዝተሰነዐ ታሪኻ ከም መወከሲ ተጠቒምሉ'ም ኣሎ። ዝተሰነዐ ታሪኽ ብኸመይ ኣብ ጽሑፍ ክኢላታት ተሓዊሱ ይኣቱ ንምብራህ እዚ ዝስዕብ ንተዓዘብ፦

ኣብ መጽሓፍ ማቲው ኩትስ ገጽ 656 Appendix E እዚ ዝስዕብ ተሰኒዱ ኣሎ፦ "ጥብቆ E፡ መግለጺ መድረኽ ዓበይቲ ታሪኻዊ ባህሊታት ካብ ቅድመ-ኣኽሱም ክሳብ ድሕረ-ኣኽሱም፡ ስልጣነ ኣብ ሰሜናዊ ቀርኒ ኣፍሪቃ - ስቱርት ሙርኖ-ሄ ኣኽሱማዊ ታሪኻዊ ባህሊ መድረኻት።"

ብሓጺሩ ጽሑፍ ማቲው ኩትስ ኣብ ሰነድ ስቱራት ሙርኖ-ሄ ከም ዝምርኰስ እዩ ዝገልጽ። ከምዚ ከኣ ይብል፦ "ናይ ሙርኖ መድረኽ 1፡ ኑቲ ፈላሚ ኣኽሱማዊ ስልጣነ ካብ ከባቢ 100 ቅ.ሓ.ዘ ክሳብ ከባቢ 200 ሓ.ዘ. ዝገልጽ ኮይኑ፡ ቅድሚ ምምስራት ንግስነት ኣኽሱም፡ ንምሕደራ ንጉስ ግድረት እንተላይ የጠቓልል። ኣብ ናይ ሙርኖ መድረኻት-ኣኽሱም እዚ ክፋል'ዚ ኣጠራጣሪን ብሰነዳት ዘይተደገፈን እዩ። ይኹን'ምበር ኑቲ ቀዳማይ ንጉስ ኣኽሱም (ዞሲቃለስ) እውን የጠቓልል። ከምኡ'ውን ወጻእተኛታት ብዛዕባ ህላውነት ንግስነት ኣኽሱም ዝገልጽዎ ኣብ ባሕራ-ኤሪትርያ (ሃንቲንግፎርድ 1980፡ ካሱን 1989) ኣብ ፕቶለሚ ጆግራፊ ኣለክሳንድርያ (ስተቨንሰን) እውን ይጥቀስ እዩ።"

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ጽሑፍ ካብ ግጉይ መወከሲ ታሪኽ ከመይ ገይሩ ይጉዕጽጽ፡ ደሓር ከኣ ፈጺሙ ኣብ ጽውጽዋይ ይቕየር ዘጽር እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና እቲ መበቆላዊ ሰነድ ባሕራ-ኤርትርያ፡ ኣብ ምዕራፍ 5.3 ሓወልቲ ኣዱሊስ፡ ጸብጻባት ንጉስ ዞሲቃለስ ከም ዘለዎ ዝገልጽ ርኢና። ኣብቲ መበቆላዊ ሰነድ ባሕራ-ኤርትርያ፡ ኣኽሱም ከም ካልኦት ብዙሓት ኣብ ውሽጢ መሬት ዝርከባ ከባቢታት ከም ኣቕራቢት ሲኒ ሓርማዝን ካልእን ጥራይ እያ ትጥቀስ። ንጉስ ዞሲቃለስ ከኣ፡ ከም ንጉስ ኣዱሊስ ጥራይ እዩ ዝግለጽ። ንጉስ ዞሲቃለስ ምስ ንግስነት ኣኽሱም ዘተሓሕዞ ጨሪሹ የለን። ስቱርት ሙርኖ ንንጉስ ዞሲቃለስ፡ እንታይ ተወኪሱ? ብኸመይ መገዲ? ንጉስ ኣኽሱም ገይሩዎ ንተመራመርቲ ታሪኽ ዝግደፍ እዩ። ኣብዚ ኣገዳሲ ገርሀኛታት ወይ ህዉኻት ጸሓፍቲ ንመበቆላዊ ሰነድ ኣብ ክንዲ ምርኣይ፡ ከይተፈለጦም መሳርሒ ሰናዕቲ ታሪኽ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ምግንዛብ እኹል እዩ።

ቀጺሉ...

"መድረኽ 2 (ካብ ከባቢ 200 ሓ.ዘ. ክሳብ 270 ሓ.ዘ.) ካብ ዘበነ ግድረት ክሳብ ንጉስ ኢንዱቢስ ዝዘርጋሕ ኮይኑ፡ ኣብ ደቡብ ዓረብ (የመን) ዝተቐረጹ ወግዓዊ ጽሑፋት፡ ብሳባውያን ንሂምያራት ዝምራሕ ኩናት ዝገልጽ፡ ኣኽሱማውያን ንደቡብ ዓረብ የጥቅዑ ምንባሮም ይገልጽ። ሙርኖ-ሃይ እዚ ግዜ'ዚ (ካብ 200 ሓ.ዘ. ክሳብ 270 ሓ.ዘ.) ስልጣነ ኣኽሱም ዞባዊ ዝምድና ወጻእን ንግድን ዝነበሮን ወተሃደራዊ ንግስነትን ምዃኑ የረጋግጽ ይብል። ኣብዚ እዋን ዝነበረ ንጉስ ሰምብሮተስ ከም "ንጉስ ነገስት" ዝገልጽዎ ብናይ ጥንቲ ግሪኽ ዝተጻሕፉ ኣብ ደቀ-ምሓረ ደምበዞን ከም ዝርከቡ ይገልጽ። እዚን ካልእን፡ እንተላይ ኣብቲ ኣብ 6ይ ክፍለ ዘመን ብግሪኻዊ ኮስሞስ ኣብ ሓወልቲ ኣዱሊስ ሰፊሮም ዘለዉ፡ እምብራጦርያዊ መንግስቲ ኣኽሱም ብዙሓት ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ምንባሮም ይሕብር።"

ሙርኖ-ሃይ መድረኽ 2 ዝበሎ፡ ካበይ ተበጊሱ ናበይ ከም ዝበጽሕ ይገርም እዩ። ፈለማ ኑቲ ንጉስ ግድረት ዝበሃል ዝገልጹ ታሪኻዊ ሰነድ ፈጺሙ ኣየቕረበን። ብዘይ መወከሲ ታሪኻዊ ሰነድ እዩ ርእይቶኡ ዝገልጽ። ኣሰዒቡ ኑቲ "ስልጣነ ኣኽሱም ዞባዊ ዝምድና ወጻእን ንግድን ዝነበሮን ወተሃደራዊ ንግስነትን" ዝብሎ መግለጺ፡ ከም መወከሲ ዝጠቐሶ ታሪኻዊ ደኩመንት፡ "ሓወልቲ ኣዱሊስ" ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ከም ዘለዎ ዘቕረብናዮ፡ ኣኽሱም ይኹን ኣኽሱማዊ ንጉስ ጨሪሹ ኣይጠቅሰን እዩ። እዚ መወከሲ ዝጠቐሶ ታሪኻዊ ሰነድ፡ ንጉስ ኣዱሊስ ከባቢኡ ተቖጻጺሩ፡ ብምዕራብ ክሳብ ደቡብ ሱዳን ዝበሩ እንዳታት፡ ብሰሜን ክሳብ ዱብ ግብጺ ድሕሪ ምቁጽጻር፡ ስግር ቀይሕ ባሕሪ ብምኻድ ገለ ከባቢታት ደቡብ ዓረብ ምቁጽጻሩን፡ ወተሃደራዊ ወፍሩ ምስ ዛዘመ ኣብ ዓዱ ኣዱሊስ ተመሊሱ መስዋእቲ ምግባሩን እዩ ዝገልጽ። ኣቐዲምና ከም ዝረኣናዮ እቲ ሓወልቲ፡ ንጉስ ኣዱሊስ ጥራይ እዩ ዝብል፡ ይኹን'ምበር፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ከም ዘለዎ ዘቕረብናዮ "ባሕሪ ኤሪትርያ" ዝብል ጽሑፍ ዘጽርዖ፡ ኣብቲ ግዜ ንጉስ ኣዱሊስ ዝነበረ ንጉስ ዞሲቃለስ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ክፋል (paragraph) ከም እንዕዘቦ፡ ሃንቲንግፎርድ፡ ካሱን፡ ስተቨንሰን ዝበሃሉ ጸሓፍቲ'ውን ከም መወከሲ ቀሪቦም ኣለዉ። እዚ እዩ ከኣ፡ ታሪኻዊ ጽሑፋት ኣብ ምንባብ ምንጪ እንታይ እዩ? ጸሓፋይ ዘውከሶም ጽሑፋትከ እንታይ እዮም? ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ ዘበልና።

ናይ ጥንቲ ታሪኽ ምፍላጥ ኣገዳስነቱ ልዑል ኮይኑ፡ ብስም ታሪኽ ብዙሕ ከም ዝጸሓፍ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ንምብራህ ካብ ሓቂ ታሪኽ ኣዱሊስ ዝበገሰ ጽውጽዋይ ክንሰርሕ ክንፍትን። እዚ ዝስዕብ ጽውጽዋይ ከም ኣብነት ነቕርብ።

ታሪኽ ስልጣነ ኤርትራ ካብ ኣዱሊስ ክሳብ ሕጂ (ንግዚኡ ርእሱ ስልጣነ ኣዱሊስ ስልጣነ ኤርትራ ምባሉ ልክዕ ኣገላልጻ ኣይኮነን።)

ቅድሚ 4,000 ዓመት ዝጀመረ ስልጣነ ኤርትራ፡ ካብ ሃም ወዲ ኖህ ዝምንጩ ሰንሰለታዊ ስልጣነ እዩ። ኣብ ቀዳማይ ሓበራዊ ዘበን ዝነበረ ንጉስ ኤርትራ ዞሲቃለስ (Zoscales)፡ መበቆሉ ልዕሊ 2000 ዓመት ታሪኽ ዘለዎ ኮይኑ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ኖህ፡ ንሃም ወሊድዎ። ወዲ ሃም ኩሽ ንንምሩድ ወሊዱ፡ ንምሩድ ንሸናር ወሊዱ። .... ድሕሪ 2000 ዓመት ከኣ፡ ወዲ-ወዲ ሸናር ዞሲቃለስ ኣብ ኣዱሊስ ተወሊዱ።

ወለዶ ኖህ ክሳብ ሸናር፡ ኣብ ሃይማኖታዊ መጽሓፍቲ እንተላይ ብሉይ ኪዳን ዝተሰነደ ታሪኽ እዩ። ኣብዚ ሃይማኖታዊ ጽሑፍ'ዚ ተሞርኲሰኻ፡ ካብ ኖህ ክሳብ ሸናር ጸብጺብካ፡ 2,000 ዓመት ዘሊልካ (ወይ'ውን ዝመሰለካ ስም ሰባት ኣሰፊርካ) ንሸናር ምስ ዞሲቃለስ ምትሕሓዙ ግን ፈጠራ እዩ። ኑቲ ጽውጽዋይ ኩተመቀሮ ደቅን፡ ደቂ-ደቅን ዞሲቃለስ፡ ዝመሰለካ ኣስማት ሂብካ ክሳብ ራእሲ ወልደሚኪኤል ወይ ደጃዝማች ከቢረ ኩተታሓሕዞ ኣሸጋሪ ኣይኮነን። ምግላጾም ኣሸገርቲ ዝኾኑ መድረኻት ድማ፡ ከምቲ ናይ ኢትዮጵያ ታሪኽ ዝምህሮ "ዘመነ መሳፍንቲ" ኢልካ ኣሐሊፍካ ምስጋሩ ኣሸጋሪ ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ ጽሑፋት ደጋጊምካ፡ ኣብ ቤት እምነት ከም ዝድገሙ ጌርካ 'ሓቂ" ታሪኽ ኩተምስሎ ይከኣል እዩ። ሓቂ ግን ኣይኮነን።

ከምዚ ዓይነት ጽውጽዋይ ተደጋጊሙ ምስተጻሕፈ፡ ገለ ገርሀኛታት ወይ ህዉኻት ናይ ታሪኽ ጸሓፍቲ፡ ነዚ ከም ዘለዎ ወሲዶም መወከሲ ተጠቒሞም 'ታሪኽ' ይጽሕፉ። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ዝረኣናዮ "የኢትዮጵያ ታሪክ..." ብዝብላ ጌታ ህሩይ ከምኡ'ውን ኣሰዒቡና ከም እንጠቕሶም ጽሑፋት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ከምዚ ዓይነት ጽውጽዋይ ልሙድ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ።

ይቕጽል

### ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቀልዑ |
| 10:10 | ድራማ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሸዕበት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | TECH INSIGHT |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መቓልሕ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



## ዛንታ

# ፈታዊ ከልቢ

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

**መበል 12 ክፋል-**

ብርሃ ንኣቤል ዓርኩ ገዚኡ ኣብጺሑ ናብ ገዛኡ ሰጎሞ። ጃክ ብምጥፍኡ ተሰኪፉ ቁሪጹ ኣብ ሓሳብ ጥሒሉ ገዛኡ በጽሐ። ተሰኪፉ ብዘቑረጸ መንፈስ ናብ ሰፈር ጃክ ከደ።

ነቲ ብሓጺን ዝተሰርሐ ማዕጾ ደፊኡ ናብ ሰፈር ጃክ ሰጎመ። ገለ ክልተ ስጉምቲ ምስ ሰጎመ ሓደ ዘርም ነገር ተዓዚቡ ደው በለ። ከይተረደኦ ኣዒንቱ ንብዓት ቋጸረ።

ንጃክ'ዩ ኣብ ቅድሚኡ ርእዩዎ። ጃክ ድማ ብሓጎስ ናብ ብርሃ ጎየየ።

ብርሃ ተንበርኪኹ ንጃክ ሓቚፉ፡ ብሓጎስ ካብ ኣዒንቱ ንብዓት ፈሰሰ። ሕሉፍ ፍቕሪ ነበሮ።

“ኣንታ ጃክ ዓርከይ ኣበይ ወዒልካ?” ከም ዝሰምዖ ብመንከሱ ሐዘ ናብኡ ከምዝንቃዕረር ገበሮ። ቀጸለ፡ “ንሸካ ጠፊእካ ኣብ ሓዘን እየ ወዒለ። ንዓኻ ክደሊ ኣበይ ዘይበጻሕኩ። ኣንታ ጃክ ኣበይ ወዒልካ?” ክዛረብ ግዲ ደልዩዎ ቀው ኢሉ ጠመቶ።

ጃክ ድማ ኣብ ሕቑፉ ኣትዩ ሕሰይሰይ በለ።

“ኣንታይ ጃክ ንዓኻ እኳ'የ ኣበይ ወዒልካ? ንዓኻ ክንደሊ ዘይበጻሕናዮ ገዛውቲ የለን። ጃክ ከምዚ እብ ኣይትግበር። ትሰምዓኒዶ ኣለኻ? ንሸካ እንተጠፊእካ ክሓምም እየ። ግን . . .” ብርሃ ኣብ ሓሳብ ኣተወ። ድሕሪ ገለ ካልኢት ድማ፥

“ግን ንሸካ እንታይ ዘይገበርካ ጥበ እዩ በዓሉ። ኣብ ካንሸሎና እንትትኣቱ ኩሉ ጸቡቕ ምኾነ” ኣብ ከብዱ ኣጸጊዑ ሓገሱ ገለጸሉ።

ብርሃ ገለ ዓሰርተ ደቓይቕ ምስ ጃክ ኣዕለለ። ብድሕሪኡ ንጃክ ጸቡቕ ገይሩ ኣሰሮ። ነቲ ገመድ ደጊሙ ፈተኖ። ኣትሪሩ ከምዝኣሰሮ ምስ ኣረጋገጸ እናገየየ ናብ ኣቤል ዓርኩ ከደ።

ንኣቤል ድማ ጃክ ኣብ ሰፈሩ ከምዝጸንሖ ሓበሮ።

ኣቤል፡ ጃክ ብምርካቡ ኣመና ተሓጎሰ። ክልቲኦም ተመራሪሖም ድማ ናብ ጃክ ተመልሱ። ክልቲኦም ንጃክን ነቲ ዝተኣሰረሉ ገመድን ደጊሞ ፈተሽዎም።

ኣቤል፡ ብሕጉስ መንፈስ ንዓርኩ ተሰናቢትዎ ናብ ገዛኡ ተመልሰ።

ብርሃ ብድኻም ተሰኪፉ ናብ ካንሸልኦም ኣተወ።

ኣደ ብርሃ፡ ወዳ ብምምጻኡ ተሓጒሳ፡ “ብርሃ ወደይ ደኣ ኣበይ ወዒልካ?” ክምስ እናበለት ተዛረበቶ። ገጽ ወዳ ቀምሲሉ ብምንባሩ ደስ ኣይበላን። ጃክ ምምላሱ ኣቓዲማ ፈሊጣ ነበረት።

“ኣበይ እሞ ዘይበጻሕናዮ ኩሉ እዚ ገዛውቲ ፈቲሽናዮ፤” ብዝተሰላቸወ መንፈስ መለሰ።

ኣደ ብርሃ፡ “እሞ'ኸ ደኣ ንጃክ ረኺብኩሞዶ?” ክምስ በለት።

ብርሃ ክምስ ኢሉ ሰቕ በለ።

ኣደ፡ “ምኻኻ እኳ'የ” ንብርሃ ወዳ ከተዛርቦ ደለየት።

ኣቤል፡ “ኣበይ ክንረኽቦ ደኣ ድኻም



ንድኻም ኳንና እምበር ተመሊስና። ጃክ ድማ ኣብዚ ጸኒሑና” እናተገረመ ተዛረበ።

ኣደ ብርሃ፡ “ድሕሪ'ኹም እንድዩ መጺኡ” ክምስ በለት።

“መን ኣምጺእዎ? ሰብ ወደስ ባዕሉ? እዚ ኩሉ ኮለል ከበለና ወዒሉ” ነዲኡ ቀው ኢሉ ጠመታ።

“እንታይ ፈሊጠ ኢልካኒ! ምስ ጠፍአ ሕማቕ ተሰሚዑኒ ወዒሉ። ኣነ ድማ ይመጽእዶ ይኸውን እናበልኩ ምሉእ መዓልቲ እየ ናብዚ ሰፈሩ ከኪይደ ክርእዮ ወዒለ። ተሰኪፉ ቁሪጸ እናተመላለስኩ ኣብ ሰፈሩ ኮይኑ ክጻወት ጸኒሑኒ። ንዓኹም ክንደሊ ኣብ ዘይበጻሕናዮ የለን። ኣሕዋትካ ኩላ እዛ ገጻውቲ በጺሖማ እዮም። እንቋዕ ጥራይ ተረኽበ እምበር ምሓመሚ ነይረ። ኣነ'ኳ ሓሚመ ዝወዓልኩ” ኣደ ብርሃ፡ ጃክ ምርካቡ ኣመና ኣሐጒሰዋ ነበረ።

“ሓቕ'ኺ ማማ ሓቢተይ ኣነ ድማ ሕምም ኢለ'የ ወዒለ። ሕጂ ደኺመ ኣለኹ ማይ ተሓጺበ ክድቅስ” ናብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝበረ ናይ ዓሰርተ ክልተ ጉማ ሰጎመ። ብቡጫ ጉማ ቀዲሑ ተሓጺቡ ናብ ሳሎን ኣተወ።

* * *

ብርሃ፡ ንጃክ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናፈተዎ መጸ። ኣሕዋቱ'ውን ቀስ ብቐስ ናብ ጃክ ብምቕዳድ ክርእይዎን መግቢ ክህብዎን ጀሚሮም እዮም። ጃክ ከባቢ ገዛኡ ክሕሉ ምሸት ካብ ሰፈሩ ወጺኡ ክሓድር ጀሚሩ እዩ።

ሓደ ኣብዛ ሰድራ ዘይተቐየረ ኣቶ ኣብርሃም እዩ። ብርሃ ኣቡኡ ሓደ መዓልቲ ከልቢ ፈትዩ ናብ ካንሸሎ ከእትወሉ ተሰኪፉ ኣይቁረጸን። ኣቶ ኣብርሃም ኣብ ገዛ ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ብዛዕባ ጃክ ዝዛረብ ሰብ የለን። ድሕሪ ኣቡኦም ግን ንጃክ ከም ኣርእስቲ ገይሮም ብዙሕ ግዜ የዕልሉ እዮም። ኩሎም ኣባላት እዛ ሰድራ ድማ ኣቡኦም ሓደ መዓልቲ ክቕየረሎም ተስፋ ይገብሩ ነበሩ።

* * *

ኣቶ ኣብርሃም ኣብ ናይ ወዲ ዓርኩ መርዓ ወዓለ። ኣብ መርዓ ውዒሉ ድማ ከባቢ ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ካብ ሰምበል ብበሽክለታ ናብ ቤት መኻእ ተበገሰ። ብርቱዕ ንፋስ ስለዝነበረ ቀስ እናበለ ቲራቦሎ፡ ካምፖግሎ ሓለፈ። ዓቐበት ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ክድይብ ስለዘይከኣለ፡ ብሽክሊታኡ እናደፍኣ ነታ ዓቐበት ደየባ። ንዝተረፈ መገዲ ድማ ብእግሩ ተሳለየ። መቓብር ሓርበኛታት ሓሊፉ ቁልቁል ቤት መኻእ ወሪዱ ኣብ ከባቢ ገዝኦም በጽሐ። ጸልማት ስለዝነበረ ሃዲኡ ይሰጉም ነበረ።

ኣብ ጥቓ ኣፍደገ ካንሸልኦም ምስ በጽሐ ነብሱ ከም ገለ ክዝብሮ ተፈለጦ። ብሽክሌቱ ኣብ ሰለፉ ኣጸጊዑ ሞባይል ካብ ጅቡኡ ከውጽእ ፈተነ። እንተኾነ ነፍሱ ምቁጽጻር ስኢኑ ብሽክሌቱ ንጸጋም ንሱ ድማ ንየማን ወደቑ። ለይቲ ስለዝነበረ በቲ ከባቢ ዝሓልፍ ሰብ ኣይነበረን። ኣብ መሬት ምስ ወደቐ ተጋዲሉ ጅቡኡ ክፍትሽ ፈተነ። እንተኾነ ዓቕሚ ስኢኑ ሃለዋቱ ኣጥፍአ።

ይቕጽል..

# ክሰዓብ ዝግብኦ ሰናይ ተግባር!!

ምዕጻው ትምህርቲ ተዘካሪ ብዘኾነ ተግባር ክዛዘም ዓቢ ባህታ እዩ ዝፈጥር። ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል፡ ኣብ ፈተና ዝቖጸ ኣእምሮኦም ብሰናይ ተግባር ኣዘናጊዖም። እዞም ዝጠቐሱ 10ይ ክፍሊ ዝኾኑ ተማሃሮ፡ ኣብ ኣኽርያ (ቤት ትምህርቲ ፍረ ሂወት) ንእትርከብ ወሁድ ትምህርቲ (ተማሃሮ ኦቲዝምን ዳውን ሲንድሮምን) ትሕዝቶኦም ሓዚም ንኣስታት ኣርባዕተ ሰዓታት ምስ ተማሃሮ ናይ ምዝንጋዕን ሰናይ ተግባርን መደብ ወዲኦም።

ኣብቲ መደብ፡ ሱፐርቫይዘር ወሁድ ትምህርቲ መም. ኣስቴር ጸጋይ፡ ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ፍረ ሂወት መም. ዳዊት ጉብረ፡ ኣላይት ተማሃሮ ደምበ ሰምበል መምህር ኣስቴር የዕብዮ፡ ኣለይቲ መምህራን ወሁድ ትምህርትን ወለዲ ተማሃሮን ተረኺቦም ነይሮም።

መም. ኣስቴር ጸጋይ፡ “. . እዚ ብተማሃሮ ደምበ ሰምበል ዝተገብረ ምዝንጋዕን ሓገዝ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ንተማሃሮ ወሁድ ትምህርቲ ዝፈጠሮ ባህታ፡ ንተማሃሮን መምህራንን ደምበ ሰምበል ድማ ዓቢ ዕግበት እዩ ዝፈጥር። ስለዚ፡ እዚ ኣብነታዊ ተግባር ካልኦት ክስዕብዎ እላቦ” ብምባል ዝገበርዎ ሰናይ ተግባር ኣብ ልቢ ኩልና ዓቢ ቦታን ጽልዋን ከምዝህልዎ ሓቢራ።

ኣብቲ መደብ ምስ ወከልቲ ተማሃሮ ዕላል ገይርና ነይርና። እቲ ዘበርናዮ ዕላል ይስዕብ።

**መጀመርታ ምስ ነብሰኻ ከተላልየና?**

ስመይ ኢብራሂም መሓመድ እበሃል። ኣብ ቤ/ት ካልኣይ ደረጃ ደምበ ሰምበል ተማሃራይ 11 ክፍሊ እየ።

**ናብዞም ተማሃሮ ምብጻሕ ከመይ ኢኹም ሓሲብኩሞ?**



ኣብ ቤት ትምህርትና 13 ዓመት ዝገበረት ማሕበር ሕውነት ኣላ። ዓመታዊ ድማ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ንበጽሕ ኢና። ኣብዚ ዓመት ድማ ምስ ኣለይትና መምህራን ብምዝርራብ፡ ኣብ ኣኽርያ ተማሃሮ ኦቲዝምን ዳውን ሲንድሮምን ከምዘለዉ ሓበሬታ ረኺብና። ኣለይቲ ምስ ዞባን ንኡስ ዞባን ብምዝርራብ ናብዚ ክንመጽእ ወሲንና።

**ኣብዚ ዓመት ትምህርቲ ኣበይ ኣበይ በጺሕኩም?**

ኣብዚ ዓመት ትምህርቲ፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት ናብ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስዉራን ኣብርሃ ባህታ በጺሕና። ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ሰሙን ድማ ኣብ መንደፈራ ንተሓከምቲ ፈስቲቫል በጺሕና።



**ዝም ተማሃሮ እንታይ ሒዝኩም ኢኹም መጺእኩሞም?**

ትሕዝቶና ዓቢ ኣይኮነን። ምምጻእና ብትሕዝቶ ኣይንዕቅኖን ኢና። እቲ ዝዓበየ ሐጎስና ዝመጻእና ፍቕሪ እዩ። እቲ ትሕዝቶ ምስ ኣለይቲ እዞም ተማሃሮ ብምዝርራብ ክዳውንቲ፡ ሳሙና፡ ሞዴስ፡ ሕብሪ፡ A4 ከምኡ'ውን ንመጻወቲ ዝኸውን ኮኳን ሕንባባን እዩ። ብዓብኡ ግን ኣብ ጎድኖም ኣለና እዩ መልእኽትና።

**ንስኹም ተማሃሮ ኢኹም፤ እቲ ገንዘብ ካበይ ትረኽብዎ?**

እቲ ገንዘብ ካብ ናይ ኣውደዓመት ናይ ሻሂ ዘውጽእና እናቐጠብና ዘዋህለልናዮ እዩ። ወለድና ድማ ነዚ ሰናይ ተግባር ይድግፉዎ እዮም።

**ኣብዚ ምውዓልኩም እንታይ ተማሂርኩም?**

ብዓብኡ እዞም ተማሃሮ ከምዚ ኢሎም ክሕጎሱ ምርኣይና ዝያድኣም ንሕና ኢና ተሓጒስና። ተወሳኺ ጸጋኻ ክትፈልጥ ኣኽኢሉና። ሓገዝ ዝደልዩ ኣሕዋት ከምዘለዉ ድማ ተማሂርና።

. . . .

**ምስ ነብሰኺ ከተላልይና?**

ስመይ ሃና ዳዊት እበሃል። ተማሃሪት 10ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል እየ።

**መደብኩም ኣብ ምዕጻው ትምህርቲ ብምኻኑ እንታይ ፍሉይነት ኣለዎ?**

እዛ ዓመት ትምህርቲ ብሰናይ ተግባር ምዝዛምና ተዘካሪት ከምእትኸውን ገይሩዋ ኣሎ። ከምዚ ዓይነት ተግባር ድማ ሕልናዊ ዕግበት ዝፈጥር እዩ። ልዕሊ ኩሉ እተን ኣብ ናይ ግዝኡ ባህታ ከጥፍኣን ዝነበራ ገንዘብ እየን ኣብ ቁም ነገር ውዒለን ዘለዋ። በዚ ድማ ሓጎስና መግለጺ የብሉን።

**ንተማሃሮ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ከኣ ናትኩም ቅዱስ ተግባር ክስዕብዎ እንታይ ትብልዮም?**



ኩሉ ሰብ ሓገዝ ይደሊ እዩ። ኩሉ ሰብ ድማ ክሕግዝ ይኽእል እዩ። ካልኦት ተማሃሮ ድማ ከምዚ ናትና ካብ ናይ ኣውደብሰም ወይ ናይ ሻሂኦም ዘውጽእዎ ገንዘብ ብምውጻእ ከምዚ ዓይነት ሰናይ ተግባር ክገብሩ ስለዝኽእሉ ክገብርዎ እላብዎም።

**ከም ተማሃሪት 10 ክፍሊ ኣብዚ ናይ ሰናይ ተግባር ዘለኪ መደብ እንታይ ይመስል?**

ኣነ ክሳብ ካብ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ዝወጽእ ክቕጽሎ እየ። ካብዚ ሓሊፈ ድማ ኣብ ሳዋ ይኹን ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ ክቕጽሎ መደብ ኣለኒ። ንዓመታ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍረ ሂወት ክንመጽእ መደብ ሒዝና ኣለና።

**ኣብ መወዳእታ ክተመስግንዮም እትደልዩ?**

ብመጀመርታ ንኹሎም መምህራንን ተማሃሮን ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ኣመስግኖም። ብፍላይ ድማ ንኣላይትና መም. ኣስቴር የዕብዮ ኣዝየ ኣመስግና። ተወሳኺ እዚ ዕድል ዝፈጠሩልና ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብን ቤት ትምህርቲ ፍረ ሂወትን ብልቢ ኣመስግን።



. . . .

ኣብ መወዳእታ ተማሃራይ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ዓዲ ቐይሕ ኣባል 31 ዙርያ ዝኾነ ይፍታሕ ግርማይ፡

“ተማሃራይ እንከለኹ ከምዚ ናትኩም ኣብ ብዙሕ ሓገዝ ዝደልዩ በጺሐ ነይረ። ክሳብ ሕጂ እዛ ማሕበር ትቕጽል ምህላዋ ዕግበት ይሰምዓኒ። ኣነ'ውን ኩሉ ግዜ



ኣብ ጎድንኹም ኣለኹ። ቀጽልዎ ኣብ ከምዚ ዕግበት ዝፈጥር ተግባር ምስታፍ ዝፈጥረልካ ሓጎስ መዐቀኒ የብሉን” ብምባል ተዘክሮኡ ኣካፊሉ።

እዚ መደብ፡ ኣብ ተማሃሮ ወሁድ ትምህርቲ ሓጎስ ዝፈጠረ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ብሳዕስዒት፡ ጸወታን ምዕዳል ህያባትን ደሚቑ ውዒሉ። ኣብ ገጽ ነፍሲ ወከፍ ወሃብን ተቐባልን ዝነበረ ባህታ መግለጺ ኣይርከቦን።

ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ነዚ ቅዱስ ተግባር ክስዕብዎ እናተላበና፡ ንተማሃሮን መምህራንን ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ነመስግን!!

## መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ፈ | ረ | ስ | ቀ | መ | ም | | ዓ | | ፈ | | |
| | | ም | ዳ | | ት | | መ | | ሰ | | |
| | | ም | መ | | ሕ | ኣ | መ | ተ | ሰ | ለ | መ |
| ስ | ራ | ዕ | ሰ | | ቀ | ጸ | | ረ | | | ስ |
| ግ | | | ን | | ቃ | ና | | ዳ | | | ዋ |
| ኣ | | | በ | | ፍ | ን | | ድ | | | እ |
| ት | ግ | ረ | ት | ኳ | ና | ዐ | | ኣ | | | ቲ |




ሓበን ተስፋሚካኤል

# ‘በረርቲ ታክሲ’፡ ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024!

ቻይናውያን ተመራመርቲ ‘በራሪት ታክሲ’ ንምርኣይ ኣብ ዱባይ ከምዝቐረቡ ዝዘከር እዩ፡፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ፡ እዘን በረርቲ ታክሲ፡ ብዓይነተን ኣቀራርባአንን ማዕበለን፡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ፓሪስ ክመላለሳ ከም ዝጀንሓ ይሕበር፡፡ እተን ‘ቮለሲቲ’ ተባሂለን ዝፍለጣ በረርቲ ታክሲ፡ ንጻመታ ኣብ ጸወታ ኦሎምፒክ ፓሪስ፡ ስራዕ ኣገልግሎተን ክጅምራ ምኳነን ይቃላሕ ኣሎ፡፡

ንሳተን ኣብ ሰዓት 110 ኪሎ ሜትር ዝጕዓዛ ኮይነን፡ ካብ መሬት ተሳዒለን ክበራ እንከለዋ፡ ረጫሒ ድምጺ ዘይብለን፡ ብኣሰራርሓአን ደማ ዝተራቐቓ ምኳነንየም፡ ክኢላታት ቴክኖሎጂ ዝገልጹ ዘለው፡፡ ነዘን በረርቲ ታክሲ ንምምዕባል ዝጠፍአ ገንዘብ ሚልዮናት ስለዝኾነ፡ ኣገልግሎተን ብክቡር ዋጋ ተተማኒ ክጅመር ምኳኑ'የም እቶም ክኢላታት ወሲኾም ዘረድኡ፡፡

ኣብ'ቲ ንጻመታ ኣብ ፓሪስ ዝካየድ ጸወታ ኦሎምፒክ ንምስታፍ ድማ፡ ብዙሓት ሰብ ሃብቲ ዓለምና፡ በዘን በረርቲ ታክሲ ጌይሮም ካብን ናብን ንኽንቀሳቐሱ፡ ድሮ ተመዝጊቦም ከም ዘለዉ ይፍለጥ፡፡


ነዘን በረርቲ ታክሲ ዘፍረየ ዘሎ ጀርመናዊ ኩባንያ ‘ቮሎኮፕተር’ (Volocopter)፡ ፍርያቱ ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ብምቕራቡ፡ ልዑል ኣታዊ ክረክብ ትጽቢት ከምዘለዎ ይሕበር፡፡

እዘን ናይ ከተማ በረርቲ ታክሲ፡ ሓወሲ ሄሊኮፕተር ዝመስላ ኩይነን ውሑዳት ተሳፈርቲ ጥራይ ዝሕዛ እየን፡፡





# ሙቐት ኣካላት ዝቈጻጸር ዓለባ




ክኢላታት ቴክኖሎጂ ምስ ኩነታት ክሊማ ኣየር ኣተኣሳሲሩ ዝሰይድ ዝማዕበለ ስማርት ጉልፎ፡ ስማርት ጃኬት፡ ስማርት ቦኛ ኣድን ካልእን እናማዕበሉ፡ ንመጽለሚ ፈትሲ ናብ ኤሌክትሮኒካዊ ትሕዝቶ ቀደርም ካብ ዘቕርብዎ ሓጺር ግዜ ኣይኮነን፡፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ከኣ ዝጸንሐ ሓበሬታ፡ ሙቐት ኣካላት ዝቈጻጸር ዓለባ ማዕቢሉ ምህላዉ ይሕበር፡፡

በቲ ሙቐት ኣካላት ዝቈጻጸር ዓለባ ዝተኣለመ ክዳውንቲ ለቢሶካ ኣብ ሄሩር ይኹን ቁሪሪ ቦታ ክትገዓዝ እንከለኻ እቲ ዓለቡ ንሙቐት ኣካላትካ ምስ'ቲ ኩነታት ኣየር ኣሳንዩ ይቈጻጸረልካ፡፡ እዚ ማለት፡ ሙቐት ተሰሚዑካ እንተደአ ሃሊዩ እቲ ዓለባ ኣብ ምህዳእ ሙቐት ኣካላትካ ሓጋዚ ተራ ይጻወት፡፡ ብኣንጻሩ፡ ቁሪ ምስ ዝሰምዓካውን ከማሞቐካ ምለእ ዓቕሚ ኣለዎ፡፡


ሰብ፡ ኣብ ኩሉ ኩነታት ኣየር ከይተሸገሩ ተኽዲኖሞ ክኸዱ ዝኽእሉ ክዳውንቲ እዩም ዝመርጹ፡፡ እዚ ዓለብ ከኣ በቲ ዘለዎ ብልጫ፡ ተጠላቢቱ ኣዝዩ ልዑል ክኸውን ከም ዝኽእል'ዩም፡ ብዙሓት ክኢላታት ዝግምቱ ዘለው፡፡

# ‘ነዝነዝታ’ ሞባይል፡ ናብ ጸዓት ኤሌክትሪክ ይቕየር

ጸውዒት ደወል ሞባይልና ምስ እነጥፍኦ፡ ብነዝነዝታ (vibration) ኢና መልእኽቲ ከምዝመጸኣናን ከም ዝተደወለናን እነረጋግጽ፡፡ ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ግና፡ ነዝነዝታ ናይ ሞባይል፡ ካልእ ጥቕሚ ከምዝህልዎ ኰይኑ እዩ ቀሪቡ ዘሎ፡፡ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ቶሆኩ - ጃፓን፡ ነዚ ብነዝነዝታ ዝፍጠር ዝኾነ ዓይነት ድምጺ ምንቅስቓስ ናይ ነገራት፡ ናብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ክቕይርዎ ከም ዝኽእሉ ይሕብሩ ኣለው፡፡

እቶም ተመራመርቲ፡ ሞባይል ነዝነዝታ ኣብ ተሰምዓሉ እዋን፡ ባተሪ ምስ ዘይህልዋ፡ ብሓገዝ ናይ'ቲ ነዝነዝታ ጸዓት ከም እትመልእ ክገብርዋ ክኢሎም ምህላዎም እዮም ዝገልጹ፡፡ ንሳቶም ኣሰዒቦም፡ ነዝነዝታ (vibration)፡ ብዘይካ ኑቲ ዝሓዝቶ ኤሌክትሮኒካዊ ነገራት ጸዓት ናይ ምምላእ ዓቕሙ፡ ምስ'ቲ ኣብ ጥቓኻ ዝርከብ ኣገልግሎት ኢንተርነት ብስልኪ ኣልቦ ክትራኸበ'ውን ቅልጡፍ መስመር ከምዝኸፍት እዮም ዘረድኡ፡፡

“እዚ ነዝነዝታ፡ ናብ ጸዓት ኤሌክትሪክ ምቕያር ጥራይ ዘይኮነ፡ ክንጽኦ ክህበና ዝኽእል ዝማዕበለ ኣገልግሎት ኣብ ምምሓእ ኢና እንጽዕር ዘለና፡፡ ብፍላይ እቲ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሓ ምስ ኢንተርነት ኣተሓሒዝና ኣቕሪብናዮ ዘለና ምዕባሌ፡ ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ መልክዕ ኣዳሊና፡ ምትእስሳር ነዝነዝታን ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሓትን ብኸመይ ምስ ኢንተርኔት ተሳንጹ ይኸይድ ዝብል መጽናዕታዊ መግለጺ ክንሀብ ኢና” ይብል ሓደ ካብቶም መካዚቲ ተመራማሪ ፋምዮ ናሪታ፡፡




# ትምህርቲ መሳርሒ ሙዚቃ፡ ናይ ምዝካር ዓቕሚ የሐይል

ገለ ሰባት፡ ንሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ምስ ዘየርእይዎ፡ ቀልጢፎም ይርስዕዎ፡፡ ካልኦት ድማ፡ ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ ጥራይ ንዝርኣይዎ ነገር፡ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ተመሊሶም ክዘክርዎ ኣይጸገሞን፡፡ ዝበዝሐ ሰብ ግና፡ ኣሰሞትን መልክዕን ሰባት ኣብ ምዝካር ከምዝጸገሞ'ዩ ዝሕበር፡፡

ኣብዚ ዓውዲ ዝጸንዑ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርኒያ፡ ንሸሞንተ ሰሙን መሳርሒ ሙዚቃን ረምታ ናይ ሳዕሰዒትን ምምሃር፡ ንናይ ምዝካር ዓቕሚ ከም ዘማዕብሎ ይሕብሩ፡፡ ንሳቶም፡ ኑቲ መጽናዕቲ ንምክያድ፡ ካብ 60 ክሳብ 79 ዝዕድመኦም ኣሰታት 100 ሰባት ብምስታፍ'የም ምርምራቶም ኣካይዶም፡፡ እቶም ተሳተፍቲ፡ ቅድሚ ሕጂ ናይ መሳርሒ ሙዚቃ ክእለት ዘይብሮምን ዓቕሚ ምዝካር ክእለቶም ትሑት ዝበረን እዮም ነይሮም፡፡

እቶም ተሳተፍቲ ቅድሚ ናይ ትምህርቲ ሙዚቃ ምውሳዶም፡ ቅድሚ ሕጂ ርእዮምዎም ዘይፈልጡ ሰባት፡ ንውሑድ ደቓይቕ ከም ዝርእይዎም እዩ ተገይሩ፡፡ ብድሕሪዚ ገለ ካብቶም ተሳተፍቲ፡ ንኣሰታት ሸሞንተ ሰሙን መሳርሒ ሙዚቃ ከበሮ (Drum) ተማሂሮም፡፡ ካልኦት ወገናት እውን፡ ኣብ ተመሳሳሊ ናይ ስልጠና ሰሙናት፡ ረምታ ናይ ሳዕሰዒትን ሙዚቃን ኣጽኒዖም፡፡ እቶም ዝተረፉ ከኣ፡ ዝኾነ ስልጠና ናይ ሙዚቃ ይኹን ሳዕሰዒት ኣይወሰዱን፡፡



እቲ ወጽኢት፡ እቶም ንኣሰታት ሸሞንተ ሰሙን ትምህርቲ ሙዚቃን ረምታ ሳዕሰዒትን ዝወሰዱ ተሳተፍቲ፡ ነቶም ቅድሚ ስልጠና ምጅማሮም ንውሑድ ደቓይቕ ርእዮሞም ዝነበሩ ሰባት፡ ብቐልጢፍ ከለልይዎም ክኢሎም፡፡ እቶም ዝኾነ መሳርሒ ሙዚቃ ዘይተማሃሩ ግን ፈጺሞም ክዝክርዎም ኣይክኣሉን፡፡ በዚ መገድ፡ ስልጠና መሳርሒ ሙዚቃ ምስ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ምትእስሳር ከም ዘለዎ እዮም እቶም ተመራመርቲ ኣረጋጊኦም፡፡ ንሳቶም፡ እቲ ንሸሞንተ ሰሙን ዝተወሃበ ትምህርቲ ሙዚቃ፡ ካብኡ ንላዕሊ ግዜ ብምውሳድ እንተዝውሰድ፡ ናይቶም ተሳተፍቲ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ዝያዳ ምሓየለ ኢሎም፡፡

ክንጽኦቲ ብትምህርታዊ ስልጠናታት ኣብ መሳርሒ ሙዚቃ እነጥርዮ ምልከት፡ ንኣእምሮና ዘበንዩን ናይ ምዝካር ክእለትና ዘማዕብልን ስለዝኾነ፡ ጥዕናና ክሳብ ዘፍቀደልና፡ ዕድመና ብዘየገድስ ተኻፊልቲ ክንከውን፡ ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ ሓሳቦም ኣቕሪቦም፡፡

# ብድምጺ ኣዕዋፍ፡ ዓሌተን እትሕብር ቴክኖሎጂ

ላብራቶሪ ኮርነል - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ድምጺ ኣዕዋፍ ሰሚዓ ስም ዓሌተን እትሕብር ኣፕሊኬሽን ምህዛም ምህላዎም ሓቢሮም፡፡ እቶም ተመራመርቲ፡ እታ ኣፕሊኬሽን በቲ ኣርተፊሻላዊ ብልሓት ኣሰራርሓኣ ተሓጊዛ እያ ነተን ኣዕዋፍ ዓሌተን ክትፈልየን እትኽእል፡፡

ኣዕዋፍ ድምጸን ከሰምዓ እንከለዋ፡ ኑቲ ዘሰምዕኦ ድምጺ፡ በታ ‘ሰኪዔት ዑፍ’ (birdnet) ዝሰማ ኣፕሊኬሽን ተጠቒምካ ምስ መላእካዮ፡ ኣብ ውሽጢ ውሑድ ካልኢታት እያ ዓባሪ መልሲ እትህበ፡፡ ኣብ'ቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከኣ፡ እቶም ተመራመርቲ በታ ኣፕሊኬሽን ተጠቒሞም፡ ኣሰታት 3 ሽሕ ዓሌት ኣዕዋፍ ክፈልጡ ከም ዝኸኣሉ ገሊጾም፡፡ እታ ኣፕሊኬሽን፡ ብፍላይ ኣብ ኣዕዋፍ ኣተኲሮም ንዝጸንዑ ተመራመርቲ ሓጋዚት ክትከውን ምኳና እዮም ትጽቢታቶም ዝገልጹ ዘለው፡፡

ኣብ መጻኢ፡ ብዘይካ ስም ዓሌት ናይ ኣዕዋፍ፡ ብዛዕባ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዓሌት ኣዕዋፍ ምሉእ ሓበሬታ ከም እትህብ ገይሮም ከቕርብዋ ምኳናም እዮም እቶም ተመራመርቲ ዘረድኡ ዘለው፡፡ ንሳቶም ኣሰዒቦም፡ እታ ኣፕሊኬሽን እዚ ኩሉ ትሕዝቶታት ምስ ኣማልአት፡ ናብ ዕዳጋ ከውርድዋ ከም ዝኸኑ ኣብ መወዳእታ ኣፍሊጦም፡፡



# ተመን ኣብ ፍወሳ ሕማም ኣእምሮ ምስ ሓኪም የገልግል!

ሕክምናዊ ፍወሳ ኣእምሮ (therapy)፡ ብክኢላ ሰብኣእምሮ ተመሪሑ ዝካየድ ናይ ምኽርን ዝርርብን መስርሕ ፍወሳ እዩ፡፡ ኣብ ብራዚል ግን፡ እዚ መስርሕ ፍወሳዚ ብዘይንቡር ኣገባብ ይካየድ ከምዘሎ ይሕበር፡፡ ኣብዚ ጉዳይ ኣተኩራ እትሃጥፍ ሓኪም ሰብኣእምሮ ጁሊ ሬበርያ፡ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ ፍወሳ ኣተኣታትያ፡ ሕሙማት ሰብኣእምሮ ከምእትሕክም'ያ ትገልጽ፡፡ ንሳ፡ ተሓካሚ ሰብኣእምሮ ምስ ዝመጽኣ፡ ብህይወት ዘሎ ተመን ኣብ ጥቓኡ ኮፍ ኣቢላ ስርሓ ከም እተካይድ እያ ተረድእ፡፡

ኣብ ብራዚል፡ ሰመምቲ ኣብ ፍወሳ ኣእምሮ ልዑል ተራ ከም ዘለዎም እዩ ዝእመን፡፡ እዚ፡ ብየለምለኻዊ ደረጃ ሕክምናዊ ደገፍ ዘይብሉ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ'ታ ሃገር ግን፡ እዚ ዓይነት ፍወሳ ክረኽቡ ድሌት ዘለዎም ሰባት ክግልገሉ ፍቓድ ምኳኑ ይንገር፡፡

“ተራ ናይ'ቲ ኣብ ጉድኒይ ዘቕምጦ ተመን፡ ኣቓልቦ ናይቶም ተሓከምቲ ኣብ ምቝጻጻር እዩ ዝሕግዘ፡፡ እዚ ኸኣ፡ ሰመምቲ ዘይኮነ መጥበውቲ እንስሳታት፡ ብዙሕ ናይ ሰብ ኣቓልቦ ክረኽቡ ዘይደልዩ ብምዃኖም፡ ተሓከምቲ ሰብኣእምሮ ክርእይዎ ከለዉ ኣይግደሱሎምን እዮም፡፡ እዚ ተመን ድማ፡ ተሓከምቲ ክግደሱሉ ዝጸዕር ስለዘይኮኑ፡ ተሓከምቲ፡ ኣደህቦኦም ናብ ካልእ ከይዀነ ኑቲ ተመን እናርኣዩን እናተዛረቡን ሕክምናዊ ፍወሳኦም ክረኽቡ ይሕግዞም፡፡ በዚ መገድ፡ ክፍወሱ ክመጽኡ እንከለው፡ ኑቲ ተመን እናተመልከቱ ባህ ኢልዎም እዮም ዝሕከሙ፡፡ ኣነ ድማ፡ ምሉእ ኣደህቦኦም ረኺበ ብናጻ ክዘሓል ዕድል ይረክብ” ብምባል፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ መስርሕታ ተመን ተጸርር፡፡

ብዙሓት ክኢላታት ሰብኣእምሮ ግን፡ ነዚ ንሳ እትገብሮ ዘሎ ዓይነት ፍወሳ፡ ውሕስነት ዘይብሉን ቀጻልነቱ ዘየርእዮን ክብሉ ተቓወሞኦም ኣሰሚዖም ኣለው፡፡ ንሳቶም፡ “እቲ ተመን፡ ልክዕ ከም ኣብ መካነ እንስሳ ከም ማዘናግዒ ኣእምሮ ናይ'ቶም ተሓከምቲ ኮይኑ ክቐርብ ዝጸሎ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ምስ ሓኪም ተሰሪሑ ኣገልግሎት ክህብ ግን ብቑዕ ኣይኮነን” እናበሉ ብትሪ ይጸግዑ፡፡

እንተኾነ፡ እታ መዛረቢ ኣርእስቲ ኮይና ዘላ ሓኪም ሰብኣእምሮ፡ ኑቲ ተመን ኣብ ጥቓኣ ኣቐሚጣ ኣብ ዝሓከመትሉ ግዜ፡ ብዙሓት ጸቕጢ ዝጸንሖም ሕሙማት ክዘናግዑን ሻቕሎት ኣእምሮኦም ኣብ ምፍዋስ ክሕገዙን ከምዝተዓዘበት ብምግላጽ፡ ኑቲ ጀማሪቶ ዘላ ሜላ ፍወሳ ከም ዝቕጽሎ እያ ትገልጽ ዘላ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ብፍ/ሰብ/ማሳል ሄለን ኣስመላሽ ጉብረ-ይ +2 ፍ/ሰብ ዕዳ ወ/ሮ ኤልሳ ግርማይ ጉብረስላሴ +4 ዘሎ ናይ ፈጸሚ ክርክር፡ ካብ ፍ/ሰብ ዕዳ 1. ዮናስ ኣስመላሽ ጉብረ-ይ 2. ኤፍሬም ኣስመላሽ 3. ሊዲያ ኣስመላሽ ጉብረ-ይ 4. ቢንያም ኣስመላሽ ጉብረ-ይ ኣድራሻኦም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብወከል ን18/7/23 ላ/ቤ/ፍርዲ 2ይ መጋባኢያ ይቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪቦም፡ ጉዳዮም ኣብ ዘየለዉሉ ክርአ ምዃኑ ኣፍልጦ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኣቶ ብርሃ መብራህቱ ጊላማርያም ወከል ወ/ሮ ሄዋን ኣብርሃም፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ፒና ፓብሎምኮ ጃዘፐ ኣብ ልዕሊኹም ብኸሰሲ ኣቶ ብርሃ መብራህቱ ጊላማርያም ናይ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን12/7/23 ኣብ 5ይ መጋባኢያ ቁ.ገዛ 39 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ኣፍልጦ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ወ/ሮ ምሕረት በርሀ ወልደሚካኤል፡ ኣደይ ጉት ጸጋይ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ብሪ ይሕደጎ ጊሉ፡ በዓል ቤተይ ብርሃ ተኽለ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ከሳሲ ኣቶ መድሃኔ ፍስሃየ ሃይሌ፡ ተኸሳሲት በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣብዮት ዘወንጌል ንኣምን ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ኣፍልጦ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኩዶብዑር

ኣቶ ክፍላይ በላይ ገደላን ኣቶ ተስፋይ በላይ ገደላን ብስም ነ/ሄር በላይ ገደላ ዝተመዝገበ ትካል ፎርኖ ምስ መሬቱ ኣቶ ክፍላይ በላይ በዓል ፍርቂ ኣቶ ተስፋይ በላይ ድማ ፍርቂ (ብጽሒቱ) ብህያብ ዝተወሃበ ክጽድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ኣብዮት ዘርኡ በራኺ፡ በዓል ቤተይ ጸጋይ ገብረመድህን ወብ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወሓዚት ካሕሳይ ፍስሃየ ምባል ተረፋ፡ ፍረወይኒ ካሕሳይ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሉተንእ ሃደለ ገብረሚካኤል ምባል ተረፋ፡ ልዋም ሃደለ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣኸበረት ካሕሳይ ፍስሃየ ምባል ተረፋ፡ ዊንታ ካሕሳይ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ከሳሲት ወ/ሮ ዳናይት ዘርኣብሩኽ ኣብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፊልሞን ሓደሽ ካሕሳይ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ኣፍልጦ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ከረን

መሓመድ ኑር እድሪስ መሓመድሰዒድ ምባል ተረፋ፡ መሓመድ እድሪስ መሓመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መስከረም ሰላም ፍትሒ ተሰነይ

ወ/ሮ ቅሳት ገብረስላሴ ክፍሉ፡ ተጸዋዒ ኣቶ በረኸት ሓደሽ ገብረመድህን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ኣፍልጦ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍሰሃ ኣብራ ስብሓቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መብራህቱ መሓሪና ገብረሂወት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን5/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኣፍልጦ፡፡

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/መ/ማሳል ወረ/ፍ ኒጋሲ ዞሚካኤልን ወረ/ፍ ኤልሳቤጥ የውሃንስ ኣቶ ጳውሎስ ኒጋሲ +1 ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ኒጋሲ ዞሚካኤልን ወረ/ፍ ኤልሳቤጥ የውሃንስ ኣቶ ማቴዎስ ኒጋሲ+1 ዝተፈጠረ ክርክር፡ 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብቁ/መዝ MK2022 CO1EX1754 ብዕለት 18/11/2022 ዝተውሃበ ናይ ፈጸሚ ትእዛዝ ምርኩስ ብምግባር እዚ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ኣስታት 100.00 ት/ሜ ዝተደኮነ ገዛ፡ ብዓይነት ክምቀል ስለዘይክኣል ብሓራጅ ተሸይጡ ኣብ መንጎ ወረስቲ ይመቐል ክብል ዝሃቦ ትእዛዝ ንምትግባር፡ እዚ ገዛ ብክኢላ ማሃንዲስ ማባኢ ሓራጅ 115,846.65 (ሓደ ሚእቲ ዓሰርተ ሓሙሽተን ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ኣርብዓን ሽዱሽተን ናቕፋ 65%) ክግመት እኽሎ፡ እዚ ገዛ ኣብ ኣስታት 100.00 ት/ሜ ዝተደኮነ ተራ ገዛ ኮይኑ ኣብ ፕላን ጾዲቑ 3 ቀንዲ ክፍልታት 3 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዘጠቓልል፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምምሕዳር ኣኽርያ (ምህራም ጭራ) ዚፕ 1A159 ጎደና 159-36 ይርከብ፡ ኣብቲ ዝቐደ ሓራጅ ክስተፍ ዝደሊ፡ ብስም ፈ/ፍርዲ c.p.o1/4 ናይቲ ማባኢ ዋጋ ብምስራሕ ወይ'ውን ተጠራቃሚ ሕሳብ (BOOK) ሒዙ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወከል ብምቕራብ ክስተፍ ኣብ ቁ.62 ኣብ ዝዳሎ ሳዑን ቅድሚ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ብጽሑፍ ሰታሪት ከኣቱ ይኽእል፡፡

ዕለት ሓራጅ፦ 21/7/2023
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27 ገበን መጋባኢያ
መኣገዲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ምስዘቐርብ፡ ሓራጅ ኣይቋረጽን፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ/67 ክወከስ ይኽእል፡፡
ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

ኣመልካቲ ኣቶ ሃብቶም ደበሳይ፡ ኣድራሻ ን/ዞባ ሰሜናዊ፡ ብስም ኣደይ ነፍሰሄር ጸገሬዳ መንኾ ደበሳይ ኣብ ን/ዞባ ጸጸራት ከበቢ ቤት መኻእ ዚፕ 1 A 184 ፕሎት NOpel ፓርሰል 34 ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብመለለዩ ቁ/ንብረት 5417/2016 ስፍሓት 126.00 ት/ሜ ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ ናብ ተቐባሊት ህያብ ወ/ሮ ወለሽ ደበሳይ ዑቕባዝጊ ከመሓልልፎ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ድማ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ የቕርብ፡

ኣቶ ሃብቶም ደበሳይ

ኣነ ናይ ኣደይ ነ/ሄር ጸሃይ ተስፋሚካኤል ወራሲት ምዃነይ ተረጋጊጹለይ ኣሎ፡፡ በዚ መሰረት፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ፡ ፕሎት 1፡ ፓርሰል D ስፍሓት መሬት 69.00 ት/ሜ፡ ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓጋዚ ክፍልታት 1 ንብረት ምዝገባ ቁጽሪ 1 BRSM015739 ብስም ኣደይ ነ/ራት ጸሃይ ተስፋሚካኤል ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ስም ምትሕልላፍ ክገብር ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸመ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ብሩታዊት ኣብዲ

ወ/ሮ ከበደሽ ገብረሩፋኤል፡ ዓዋይ ነፍ/ሄር ወላ ዓንደ ቀላቲ ነቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 3 ምም 08 (ምም/ን/ዞባ ገጀረት) ጎደና ሰ ዝርከብ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 119214 ብቁ/መወከሲ 136132/33 ብስማ ተመዝጊቡ ዋንኡ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኣብ ቅድሚ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቀፃ ናይ ውርሲ ኑዛዜ ስለ ዝበበረትለይ፡ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓልልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

ወ/ሮ ከበደሽ ገብረሩፋኤል

ኣነ ኣቶ የማን እስቲፋኖስ በየን+1 ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ሰሜናዊ ዚፕ- ኮድ 1B1999 ፕሎት 207 ፓርሰል/ዞን ASP00017066 ፓርሰል T ጉደና 1999-135 ዝርከብ ጠቕላላ ስፍሓቱ 375 ሜ/ት ዘጠቓልለ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 2,807 ብዕለት 9/4/2012 ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1:006445/1 ብዕለት 9/4/2012 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንኡ ዝተረጋገጸልና ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ክንመሓልልፎ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

የማን እስቲፋኖስ በየን +1

## ም ል ክ ታ　ጨ ረ ታ

ሬድሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ፡ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ንብረት ብጨረታ ክሸይጥ ስለዝደለየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

| ተ.ቁ. | ዓይነት ንብረት | መለክዒ | ብዝሒ |
|---|---|---|---|
| | መሸማዕ | | 10186 |
| | ጀሪካን | 20 litre | 363 |
| | ዓቢ ካርቶን | | 1509 |
| | ንእሽተይ ካርቶን | | 744 |
| | ፓሌት | ብቑጽሪ | 180 |

1. ጨረታ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 መዓልቲ ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዘለዉሉ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ይኽፈት፡፡
2. ንመኽፈቲ ጨረታ ዝምለስ 50,000.00 ( ሓምሳ ሽሕ ) ናቕፋ ትሕጃ ብCPO ጥራሕ ይኸውን፡፡
3. ንብረት ክርእዩ ዝደልዩ፡ ናብ ትካል ብምምጻእ ብመንገዲ ክፍሊ ዕድግን ንብረትን ክረአ ይከኣል፡፡
4. ንብረት ዝለዓለሉ ግዜ ካብቲ ጨረታ ዝተዓወተላ ዕለት ድሕሪ 6 መዓልቲ ይኸውን፡፡
5. ተጫረትቲ፡ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ኮይኖም፡ ናይ 2022ዓ.ም. ግብሪ ዝኸፈሉን ፍቓዶም ድማ ነቲ ዝተጫረትሉ ዓይነት ንብረት ዝምልከት ምዃኑ ዝተረጋገጸ፡
6. ፋብሪካና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ኮነ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ ( ኮካ-ኮላ )

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ትካልና ኣላስካ ሆቴል፡ ኣብ ትካልና ስራሕተኛ ናይ ፒሳ (ፒስርያ) ከምኡ'ውን ስራሒ ፓስተ፡ ዝኢ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ቅጥዕታት ዘማልአ ኣወዳዳሪ ክቖጽር ስለዝደለየ ማለት፤

1. ናይ 3+ ዓመት ተመኩሮ ስራሕ ዘለዎ፡፡
2. ትሕቲ 50 ዓመት ዝዕድሜኡ
3. ጾታ ዘይፈሊ
4. ደሞዝ 2000 ናቕፋ ምኳኑ እናሓበርና፡ ዝኢ ዘማልአ ብቑ.ቴሌ 151540 ቁ.ሞባይል 07114797 ከምኡ'ውን 07238795 ክደውሉ፡ ወይ ደማ ብቁ.ፖ.ሳ 2481 ክልእኩልና ይኽእሉ፡፡

ኣላስካ ሆቴል

ኣነ ኣመልካቲት ወ/ሮ ርሻን ሃብተሚካኤል ተወልደመድህን፡ ብስም ኣቶ ዘርእማርያም ቀለታ ወልድኣብ፡ ኣብ ንኡ/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ኣራ 1A198፡ ቁ/ገዛ 29፡ ፓርሰል A፡ ቁ/መለለዩ ንብረት 1፡007271 ስፍሓት መሬት 117 ት/ሜ ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ ብዕለት 1/06/2015 ካብ ኣቶ ዘርእማርያም ቀለታ ወልድኣብ ዝዓደግክዎ ኮይኑ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር የቕርብ፡፡

ወ/ሮ ርሻን ሃብተሚካኤል ተወልደመድህን

ኩሉኹም ሰብ ብርኪ ማሕበር ትምህርታዊ ትካል ቤት ትምህርቲ ፕንፈሎም (ረይንቦው - ነበር) ንቕዳም ዕለት 8 ሓምለ 2023 ንግሆ ሰዓት 9፡00 ኣብ ጥቓ መሐዝበሲ ኣስመራ ዝርከብ ቀጽሪ ቅድመ ትምህርቲ ዝቶየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ ሰብ ብርኪ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋውያን ወከልትኹም ክትርከቡ ንዕድም፡፡

ቦርድ ቤት ትምህርቲ

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/02 ጎደና ድል፡ ቁ.ገዛ 11ሀ ቁ.ሎታ 11 ፓርቸላ "1" L" ስፍሓቱ፡ 292 ት/ሜ ዝኾነ 07 ቀንዲ ክፍልታት 03 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘጠቓልል፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ቁ.ምስክር ወረቐት 107263 መወከሲ ቁጽሪ 112250 ብስም ወ/ሮ ቅዱሳን ይልማ ናሽሕ ዝተመዝገበ፡ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሉቺያ ፊሲቲዝ ሩፋኤል
ወኪል ኣቶ ብርሃ ሃይለ

## ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ምህንድስና ቴክኖሎጂ ማይ ነፍሒ፡ ንተማሃሮን ኣባላትን ኣገልግሎት ዝህብ ዝተፈላለየ ትካላት፡ ካብ ዕለት 1/7/2023-30/6/2025 ንክልተ ዓመት ናይ ትምህርቲ ግዜ ዝጸንሕ ውዕል ክተሪ ስለዝደለየ፣ ግቡኣም ዘማልኡ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ግዱሳት ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም፦

1. ናይ ነፍሲ ወከፍ ትካል ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፡
2. ናይ ነፍሲ ወከፍ ትካል ተጫረትቲ ተመሳሳሊ ልቓንስ ክኸውን ኣለዎ፡፡
3. ተጫረትቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ መብርሂ ጨረታ ይመልኡ፡፡
4. ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ተኸታተልቲ መዓልታት (10) ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት፡
5. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ተመሳሲ ገንዘብ በዚ ኣብ ታሕቲ ንነፍሲ ወከፍ ትካል ተመዲቡ ዘሎ ናቕፋ C.P.O ክትሕዙ፡፡

| | |
|---|---|
| 1. ትካል ቤት ሻሂ | 50,000 ናቕፋ |
| 2. ትካል እንዳ ዱኳን | 50,000 ናቕፋ |
| 3. ትካል እንዳ ፎቶ ኮፒ | 20,000 ናቕፋ |
| 4. ትካል ተረፍ መረፍ መግቢ (ማኛ) | 30,000 ናቕፋ |

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ነፍሒ ኣብ ኣሃዱ ዕደጊ ብምምጻእ ወይ ብቁስልኪ 08202691 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል፡፡

ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ነፍሒ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኣሚና ዓብደልቃድር ኑርሑሴንን ተኸሳሲ ኣቶ ኣድሓኖም መሓሪን ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ማኪና ክርክር፡ ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ሳምሶም ርእሶም ጉብረገያርጊስን ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋሚካኤል ሃይለ ዘርእያውሃንስን ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ማኪና ክርክር፡ ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ከሳሲት ወ/ሮ ትብለጽ ሃብቶም ገ/ሄር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዳዊት ተኸለሃይማኖት ጉብረመሰ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ኣማን እስማዒል ኣሕመድ፡ ኣቦና ኣቶ እስማዒል ኣሕመድ ዓሊ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበልና፣ ዝቃወም እንተሎ ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኩዓቲት

ከሳሲት ወ/ሮ ተምሪ ሓገስ ተከኤ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ክብሮኣብ ጼጋዝኣብ ዳይናም፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መነኾሰይቶ ን/ዞ/ሰንዓፈ

ከሳሲት ሓዋ መሓመድ እስማዒል፡ ተኸሳሲ ጀማል ዑመር እብራሂም፡ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ከሳሲ ኣቶ ንገሰ ተኸለማርያም ለገሰ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ግርማይ ተኸለዝጊ ሃብተጼን፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ማኪና ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ ዘርአ ጉብረስላሴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ ኪዳነማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ 02 ከረን

ወ/ት ሞና በዩን ኣለማጸሁ፡ ኣቦይ በዩን ኣለማጸሁ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ቀዋሚን ተንቀሳቓሲን ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ሽዕብ ሰውራ ዓዲ ዑመር

ቀድሽ ስዩም ዘርኣይ፡ ኣደይ ኣባባ ዘራጼን ብርሃ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን 5 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበልና፣ ዝቃወም እንተሎ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


## ምስጋና



ብምኽንያት ሞት ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ግደይ ወልደማርያም በኺት ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ዕረፍታ ኣብ ዓዲ3ዕዓድ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ፈተውትን ቤተሰብን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና እናኣቕረብና ሓዘና ንገልጽ፡፡

በዓል ቤታ መልኣከ ሰላም ቀሺ ወልደኪዳን ትካቦ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ፊቓር ኣቦና የሃንስ ጉብረገርግሽ ቦኽረጽዮን ኣብ ማብል 88 ዕድሚኡ ስለ ዝዓረፈ፡ ኣብ ጸጸራት ንዘቃበርኩምናን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብሞባይል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዘየጸና ንሕብር፡፡

ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብሞት ብልቢ ነፍቅራ ኣዴና ወ/ሮ ደመቀሽ ሃብተጊዮርጊስ ስብሃቱ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሓሚማ ዝበጻሕኩማ፡ ክሳብ ወቕርቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ብኣካልን ቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡


ወዳ መሉጌታ መሓሪ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ብስም ኣሞናን ሓትኖናን ነፍ/ሄር ወ/ሮ ሮማን ምሕረትኣብ ተስፋማርያም ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/10 ጎደና ኩዓቲት ቁ.ገዛ 27 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 100022 መወከሲ ቁጽሪ 104458 ተመዝጊቡ ዋንኑ፡ ዝተረጋገጸ፣ ናይ'ዚ ገዛ ኦርጅናል ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣና፡ ዝረኸበ ወይ ደማ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበለ እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07266383 ክትሕብሩና፤ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታ ሊብሬቶ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወረ/ነፍ/ሄር ሮማን ምሕረትኣብ ተስፋማርያም
ኣቶ ዘርኣዳዊት ቦኽረጽዮን ምሕረትኣብ +11

ኣነ ኣማኑኤል ኣብርሃ ወልደገርግሽ ወራሲ፡ ወለደይ ኣብርሃ ወልደገርግሽ ሃብተምካኤልን ገነት ፍስሃ ሰርጹን፡ ኣብ መንጎይ ብዘበርኩዎ መተኣማመኒ ሰነድ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ኣዳል ቁ.ገዛ 5 ቁ.መዝገብ ንብረት (ካዳስተር) 112848 ናይ ኮ/ኣባይቲ ምስክር ዋንነት (ሊብሬቶ) 102498 መወከሲ ቁ.118849 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፡ ብወረሰ ናብ ስመይ ክተሓላለፈለይ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ድማበይ ተባሂሉሉ እኦተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካደስተር ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣማኑኤል ኣብርሃ ወልደገርግሽ



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሻምፕዮን ኤርትራ 2023 ተኸፊቱ

## ኣማኑኤል ዝቐልጠፈ ተቐዳዳማይ ኮይኑ







መበል 13 ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፥ ትማሊ ዓርቢ 23 ሰነ ኣብ ከባቢ ማይ-ደምዓት ብዘተኻየደ ናይ ግዜ ውድድር ብወግዒ ተኸፊቱ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ናይ ግዜ ውድድር፡ ዓበይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ተቐዳደምቲ ክልተ ዙርያ ዝሸፍን 36 ከሎ ሜትር ርሕቀት'ዩም ዘፀርዎ። ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤል ጉብረእግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ሰዓት ኣሰታት 50.1 ከሎ ሜትር እናተሓንበበ ብ43 ደቒቕ፡ 4 ካልኢትን 10 ንኣስ ካልኢትን ውድድሩ ብምዛዝም ዝቐልጠፈ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ 2023 ኮይኑ።

ካልእ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ 1 ደቒቕን 11 ካልኢትን ድሒሩ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ክኸውን ከሎ፡ ተቐዳዳማይ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ከኣ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ኑሓስ መዳልያ ወሲዱ። ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤል ጉብረእግዚኣብሄር ንቐዳመይቲ ዙርያ (18 ከሎሜትር) ብ21 ደቒቕ፡ 25 ካልኢትን 55 ካልኢትን ክውድኣ ከሎ፡ ንመርሃዊ ብ38 ካልኢት ንኣኽሊሉ ከኣ ብ47 ካልኢት'ዩ ፍልልይ ኣንጺፋሎም። ኣብ ካልኣይቲ ዙርያ ናህሩ ብምዘየዱ ግን ኣብ መወዳእታ ንመርሃዊ ብ 1 ደቒቕን 11 ካልኢትን ንኣኽሊሉ ከኣ ብ1 ደቒቕን 39 ካልኢትን ፈልይዎም ወዲኡ። ብዙሓት ፈላጣት ዓውዲ ቅድድም ብሽክለታ፡ እዚ ትማሊ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤል ጉብረእግዚኣብሄር ዝረኸቦ ፍጥነት፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ንኸሰብር ሓያል ጻዕሪ ከም ዘድልዮ እዮም ዝሕብሩ።

ኣብዚ እዋን ንኣሸቱ ተቐዳደምቲ ንምትብባዕ ኣብ ውድድራት ዞባ ማእከል ዝቅዳደሙ ዘለዉ ምኩራትን ኣበታውያንን ተቐዳደምቲ ኦሎምፒካዊ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖትን ሚሮን ተሾመን ድማ ምስ ቀዳሞት 10 ተቐዳደምቲ ኮይኖም ጸወታኦም ምውድኦም ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ናእዳ ረኺቦም ኣለው። ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት ን36 ከሎሜተር ብ4 ደቒቕ፡ 38 ካልኢትን 84 ንኣስ ካልኢትን ክውድኦ ከሎ፡ ናይ ቅድም ፕሮፌሽናል ተቐዳዳማይ ሚሮን ተሾመ ከኣ ካብ ዳኒኤል 13 ካልኢታት'ዩ ድሒሩ ውድድሩ ፈጺሙ።

ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ዝበዝሐ ግዜ ዝቐልጠፈ ተቐዳዳማይ ዝበል ክብሪ ዝረኸበ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት ኣብ 2008፡ 2012 ከምኡ'ውን 2016 ዘውዲ ሻምፕዮን ናይ ጽርግያ ውድድር ሻምፕዮን ኤርትራ ከም ዝደፈአ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ሚሮን ተሾመ ከኣ ኣብ 2013 ተመሳሳሊ ክብሪ ረኺቡ ምንባሩ ሰዓት ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና የረድኦ። በዚ ኸኣ እዞም ተቐዳደምቲ ክሳብ ሕጂ ከይሰልከዩ ኣብ ናይ ውሸጢ ሃገር ውድድር ኣትዮም ቀመም ክወሰኽሉ ምኽኣሎም ናእዳ ዘይግበኦም ኣይኮነን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተቐዳዳማይ ኤሪቴል ጴጥሮስ መንግስ ራብዓይ ተርታ ክሕዝ ከሎ፡ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ኣብ መጥወዪ መንገዱ ዝሰሓተ ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ ኢጣልያዊት ክሉብ ባርዲያኒ ሄናክ ምሉእብርሃን ከኣ ሓሙሻይ ተርታ ክሕዝ ክኢሉ ኣሎ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ን36 ከሎሜትር ኣብ ሰዓት 49 ከሎሜተር እናዘወረ ኑሓስ መዳልያ ዝወሰደ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤል ጉብረእግዚኣብሄር፡ ሎሚ ዓመት ንኻልኣይ ግዜኡ'ዩ ዝቐልጠፈ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ዝኸውን ዘሎ። ንሱ ኣብ 2019 እውን ንሰራሕ ተሰዲም መርሃዊ ቅዱስን ኣኺቲሉ ተመሳሳሊ ክብሪ ረኺቡ ነይሩ እዩ። መእሰዚ ጥራይ፡ ኣብ 2014 እውን ምስ ክሉብ ኣስቤኮ ኮይኑ ንፕሮፈሽናላት ተቐዳደምቲ ረቲን ብዘደንቕ ብቕዓት ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ኮይኑ ነይሩ እዩ።

ሎሚ ዓመት ኣብ ራብዓይ መድረኽ ጂሮ ዲ ኢታልያ ሻዱሻይ ደረጃ ብምሓዝ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ናይቲ መድረኽ ዝተሰምየ ኣማኑኤል፡ ድሕሪ'ቲ ውድድር ኣብ ሰዓት 50 ከሎሜተር እናረገጸ ውድድሩ ክውድእ ከም ዘይገመተ ብምሕባር፡ ኣብዚ እዋን ሐዚዎ ብዘሎ ብቕዓት ድርብ ዓወት ንኽበጕናጸፍ (ምስ ናይ ጸግሕ ሰንበት ናይ ጽርግያ ውድድር ሓዊሱ) ዝለዓለ እምነት ከም ዘለዎ ተዛሪቡ። ንሱ ኣዚ ናይ ትማሊ ዓውቱ ንኹሎም እቶም ኣብ ምጅማር ናይዚ ወቕቲ ካብ ዘጋጠሞ መውደቕቲ ንኽሓዊ ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝገበሩ ወገናት ወፍይዎ ኣሎ።

እዚ ሎሚ ዓመት ኣብ 51 ናይ ውድድር መዓልታት 7,869 ከሎሜተር ርሕቀት ብምሽፋን 257.14 ናይ ዩሲኣይ ነጥቢ ኣዋህሊሉ ዘሎ ተቐዳዳማይ፡ ጸግሕ ሰንበት ዝቕየድ ናይ ጽርግያ ውድድር ብኹኑብ ከም ዘይውዳእ'ዩ ዝኣምን። በዚ ኸኣ ዕወት ናይ ምምላቕ ፈተነ ብምኽያድ ናይ 2014 ዓወቱ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ክደግሞ ዝኽእል ምድላዋት ገይሩ ከም ዘሎ ይሕብር።

ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ ብወገኑ በቲ ዘመዝገቦ ግዜ ዕጉብ ምኳኑ ብምሕባር፡ ሎሚ ዓመት ን10ይ ግዜኡ ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራ ተሳቲፉ ካብ ፖድየም ዘይምውራዱ ሓበን ከም ዝሰምዖ ገሊጹ። እዚ ተቐዳዳማይ ኣብ ዝሓለፉ 8 ተኸታተልቲ ዓመታት ብዘይ ዝኾነ መዳልያ ካብ ሻምፕዮን ኤርትራ ኣይተኣልየን። ንሱ ክሳብ ሎሚ 3 ወርቂ፡ 3 ብሩርን 3 ኑሓስን መዳልያታት ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ከም ዝወሰደ ሰዓት የረድኦ። ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ ዛጊት ኣብ 2023 ብሩር፡ ኣብ 2022 ወርቅን ብሩርን፡ ኣብ 2021 ወርቅን ብሩርን፡ ኣብ 2019 ኑሓስ፡ ኣብ 2018 ወርቂ፡ ኣብ 2017 ኑሓስ፡ ኣብ 2016 ኑሓስ መዳልያታት ክዓትር በቒዑ'ዩ። እዚ 'ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ግራንድ ቱር ዝተሳተፈ ኤርትራዊ' ዝበል ክብሪ ረኺቡ ዘሎ ተቐዳዳማይ፡ ንኸንደዚ ዝኣክል ዓመታት ብቕዓቱ ከየጉደለ ምውድዳሩ ከኣ ክሉኣድ ዝግበኦ'ዩ።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት መርሃዊ ቅዱስ ጸግሕ ሰንበት ዘውዲ ሻምፕዮን ኤርትራ ምስ ዝደፍእ፡ ሰለስተ ግዜ እዚ ክብሪ ብምጕንጻፍ ምስ ክብረወሰን ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት ክመዓራረ እዩ። ክሳብ ሕጂ ኣብ ታሪኽ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣኺታቲሉ ዝተዓወተ ተቐዳዳማይ ብዘይምህላዉ ከኣ እዚ ክብሪ ዝቐፀ ናይ ፈለማ ተቐዳዳማይ እውን ክኸውን ይኽእል'ዩ።

እዚ ተቐዳዳማይ፡ ንሓደ ዓመት መመላእታ ብጠንዴራ ኤርትራ ዝወቀበት ማልያ ክለቡ ወደዩ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ምስታፉ ፍሉይ ሓበን ከም ዝሰምዖ'ዩ ዝሕብር። ንዝቕጽል ዓመት ዃ ማልያ ክወድያ ከኣ ኩሉ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ከም ዘሎ'ዩ ዝገልጸ። ንሱ ኣብዚ ናይ ጸግሕ ሰንበት ውድድር ኣብ ቀዳሞት ክልተ ዙርያታት ይኹን ኣብ መወዳእታ ክልተ ዙርያታት ምስታ ዕወት'ቲ ናይ ምምላቕ ፈተነ ተኻይድ ጉጅለ ኮይኑ ዓወቱ ክደግሞ መዲቡ ከም ዘሎ ይዛረብ።


ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ናይ ግዜ ውድድር፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ተቐዳዳማይ በልጅማዊት ክለብ ኢንተር ማርሼ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ እዩ ወርቂ መዳልያ ዓቲሩ። ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕወት ጴጥሮስ መንግስ ኤሪቴል ብሩር፡ ናይ ሰምበል ሄብሮን ብርሃ ከኣ ኑሓስ መዳልያ ወሲዶም ኣለው።

ሳሙኤል ሓየሎም ኤሪ ቴል፡ ሮቤል ዳዊት ሰምበልን ኢሰርም ተስፋይ ብውልቅን ኣብ ናይ ጁኒየር ምድብ ዝተዓወቱ ክኾኑ ከለው፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ሚዛን ሃብተስላሴ ደቡብ፡ ራሄል ዘርእሰናይ ብውልቂ ኣዲያም ኢሳቕ ደቡብ እየን ዕውታት ኮይነን።

ካብ ተቐዳደምቲ ኤሊትን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ኣንስትዮ፡ ተቐዳዳሚት ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣድያም ዳዊት እያ ጸቢሓ ኢላ፡ ብርኽቲ ፍስሃየ ናይ ጋሽ ባርካ ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ክትከውን ከላ፡ ናይ ዞባ ደቡብ ሞናሊዛ ኣርኣያ ከኣ ኑሓስ መዳልያ ወሲዳ ኣላ። ኣድያም ዳዊት ን18 ከሎሜተር ብ25 ደቒቕ፡ 47 ካልኢትን 27 ንኣስ ካልኢትን ክትውድኦ ከላ፡ ብርኽቲ ፍስሃየ 1 ደቒቕን 32 ካልኢትን፡ ሞናሊዛ ኣርኣያ ከኣ 3 ደቒቕን 19 ካልኢትን ድሒረን እየን ጸወታአን ዛዚመን።

ኣብ መወዳእታ፡ ዕወታት ዝተጎናጸፉ ናይ ገንዘብን መዳልያን ሽልማት ካብ ኢድ ኮምሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ሓላፊ ምክትታል ሃገራውያን ፌደረሽናት፡ ሃገራዊ ኦሎምፒክን ፓራ ኦሎምፒክን ኮሚቴ ሰለሙን ስዩምን ካልኦት ሓለፍትን ተቐቢሎም።

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ሰንበት 25 ሰነ ካብ ሰዓት 7:30 ንግሆ ጀሚሩ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ብናይ ጽርግያ ውድድር ቀጺሉ ክውዳእ'ዩ። ኣብዚ ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ካብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ተበጊሶም ናብ ቤት ሕክምና ጎብረትንሳኤ ገዲርም ብፍደስ ብምጥዋይ ናብ ፎሮብያ፡ ትረስተሉ ከትካት፡ ከረን ሆቴል፡ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት፡ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ኢሚግሬሽን፡ ዓቕብ ሚኒስትሪ ዜና፡ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ሚካኤል፡ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ሹቁ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል፡ ሲቲ ፓርክ ብምጥዋይ ናብ ሲነማ ሮማ፡ ሹቁ ኢንሹራንስ፡ ባር ቶሪኖ፡ ፖቸሪላ፡ ዳኒኤል ፋሲትፉድ፡ ጎደና ሓርነት ብምርጋጽ ሜዳ ባሕቲ መስከረም እዮም ክበጽሑ። ሓደ ዙርያ 10.2 ከሎሜተር ምኳኑ'ዩ። እዚ ውድድር ብኣገልግሎት ቴሌቪዥን ኤርትራን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ክፍኖ'ዩ።





***

2008 - ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት (ዞባ ደቡብ)
2011 - ፍረቃልሲ ደብሳይ (ሰምበል)
2012 - ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት (ግሬጅ)
2013 - ሚሮን ተሾመ (ኣስቤኮ)
2014 - ኣማኑኤል ገ/እግዚኣብሄር (ኣስቤኮ)
2015 - ናትናኤል ብርሃ (ዳይመንሽን ዳታ)
2016 - ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት (ዳይመንሽን ዳታ)
2017 - ሚሮን ኣብርሃም (ኤሪቴል)
2018 - መርሃዊ ቅዱስ (ዳይመንሽን ዳታ)
2019 - ናትናኤል ብርሃ ( ኮፊደስ)
2021 - ዳዊት የማነ (ኣስቤኮ)
2022 - መርሃዊ ቅዱስ (ኢኤፍ ኢዱኬሽን)
2023 - ? ? ? ?







# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ፈረንሳ፡ ክሊማዊ ምምዝባል ንምግታእ ዝዓለመ ኣህጉራዊ ዋዕላ ተኣንግድ

ክሊማዊ ምዝንባዕ ንምግታእ ዘኽእል ምወላ ንምእካብ ዝዓለመ ኣህጉራዊ ዋዕላ ኣብ ፓሪስ ርእሰ ከተማ ቻይና ከምእተኻየደ ተገሊጹ፡፡

እቲ ልዕሊ 50 መራሕቲ ሃገራት፡ መንግስታትን ወከልቲ ኣህጉራውያን ትካላትን ዝተሳተፍዎ ዋዕላ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ክሊማዊ ምምዝባል ንምምካት ዘኽእል ቀጥባዊ ደገፍ ክግበረለን ዝዓለመ እዩ ነይሩ፡፡

ኣቦ ዋዕላ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማንዌል ማክሮን ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ሳዕቤናቱ እናኸፍአ ዝመጽእ ዘሎ ክሊማዊ ምምዝባል ንምምካት፡ ትሑት ቀጥባዊ ኣታዊታት ዘለወን ሃገራት ደገፍ ክግበረለን እዋኑ ምዃኑ ገሊጹ፡፡

ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ ብወገኑ፡ ብቑጠባ ዝበልጸጋ ሃገራት ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ደገፍ ክሳብ ዘይገበራ፡ ክሊማዊ ለውጢ ንምክልኻል ዝግበር ጻዕሪ ክዕወት ከምዘይክእል ኣረዲኡ፡፡


ይኹን'ምበር ዝተበጽሐ ስምምዕ ብዘይምህላው፡ እቲ ዋዕላ ከም'ቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ወጽኢታዊ ከምዘይነበረ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይጠቕሱ፡፡

ብቑጠባ ዝበልጸጋ ሃገራት፡ ክሊማዊ ምዝንባዕ ንምምካት ፋይናንሳዊ ደገፍ ክገብራ ኣቐዲሙ ዝተበጽሐ ስምምዓት ክትግበር ከምዘይጸንሐ፡ ጸብጻባት የረድኡ፡፡

ክሊማዊ ጸገማት ንምግታእ፡ ኣብ 2015 ኣብ ከተማ ፓሪስ ዝተበጽሐ ኣህጉራዊ ስምምዕ'ውን፡ ተግባራውነቱ ዛጊት ከምዘይተረጋገጸ ይፍለጥ፡፡




## መርከብ ታይታኒክ ክርእዩ ዝፈተኑ በጻሕቲ ሞይቶም



ፍርስራስ መርከብ ታይታኒክ ንምርኣይ ናብ መዓሙቕ ውቅያኖስ ድሕሪ ምእታዎም፡ ደሃዮም ዝጠፍኡን ክድሰዩ ዝጸንሑን ሓሙሽተ በጻሕቲ ከምዝሞቱ ተሓቢሩ፡፡

እቶም ካብ 19 ክሳብ 77 ዓመት ዝዕድሚኦም በጻሕቲ፡ ንታ ቅድሚ 111 ዓመታት ዝጠሓለት መርከብ ታይታኒክ ንምርኣይ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት እያም ብሰብመሪን ናብቲ ውቅያኖስ ኣትዮም፡፡

ድሕሪ ምብጋሶም ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት ምስቲ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝነበረ መቆጻጸሪ ርክቦም ተቛሪጹ፡፡

ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተኣኻኸቡ ክኢላታት ነቶም ዝጠፍኡ ሰባት ኣብ ምድላይ እኳ ተዋፊሮም እንተጸንሑ፡ እቲ ክፍሊት እናተቐበለ ናብቲ ውቅያኖስ በጻሕቲ ዝልእኽ ትካል ኣብ ዝሆ መግለጺ ግና፡ እቶም ሰባት ከምዝሞቱ ኣፍሊጡ ኣሎ፡፡

ብመሰረት ነቶም ሰባት ንምድላይ ናብ ባሕሪ ዝተላእከ ሮቦት ዝኣከቦ ሓበሬታ፡ ስብርባር ናይታ ዝኾዓዘላ ዝነበሩ ሳብመሪን ካብ መርከብ ታይታኒክ ኣስታት 500 ሜትሮ ርሒቑዩ ክርከብ ተኻኢሉ፡፡

እቶም በጻሕቲ ጉዕዞ ምስ ጀመሩ፡ ድሕሪ ሐደት ሰዓታት ኣብታ ሳብመሪን ብዘጋጠመ ነትጒ ሞይቶም ክኾኑ ከምዝኽእሉ፡ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ የመልክት፡፡

ዋላ'ኳ ሞይቶም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ኣብ መደምደምታ እንተተበጽሐ፡ ሬሳኦም ግን ዛጊት ኣይተረኽበን ዘሎ፡፡

ብሞት ናይ'ዞም ውልቀሰባት፡ መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃገራትን ፍሉጣት ሰባትን ሓዘኖም ይገልጹ ኣለው፡፡

'ኦሸን ጌት' ዝበሃል ኩባንያ፡ ንታ ኣብ 1912 ኣብ ሰሜናዊ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ዝጠሓለት መርከብ ታይታኒክ ንምርኣይ፡ ኣስታት 4 ኪሎሜተር ዕምቆት ክጠልቁ ንዝደልዩ በጻሕቲ ክሳብ 250 ሽሕ ዶላር ከምዝኽፍሉ ይንገረሉ፡፡

## ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ 31 ዘይሕጋውያን ዓደንቲ ሞይቶም

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ኣብ ሓደ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ዕደና ዝካየደሉ ቦታ ብዘጋጠመ ነትጒ ጋዝ፡ ብውሕዱ 31 ሰባት ከምዝሞቱ ተገሊጹ፡፡

መብዛሕትኦም ግዳያት እቶም ዘይሕጋውያን ዓደንቲ ኮይኖም፡ ብሰንኪ ኣብቲ ቦታ ዘሎ ልዑል መጠን ሚተይን ሬሳታቶም ገና ካብቲ ጎዳጉዲ ዕደና ከምዘይወጸ ክፍሊ ሃብቲ ማዕድንን ጸዓትን ደቡብ ኣፍሪቃ ሓቢሩ፡፡

እቲ ክፍሊ ወሲኹ፡ ሰለስተ ሬሳታት ብዘይሕጋውያን ዓደንቲ ናብ ፖሊስ ከምእተረከበን፡ ካልኦት 16 ዘይሕጋውያን ዓደንቲ ተባሂሎም ዝተጠርጠሩ ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝርከቡን ጸብጻባት ገሊጾም፡፡

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብቶም ቅድሚ ሕጂ ዕደና ወርቂ ዝካየደሎም ዝነበረን ካብ ስራሕ ደው ዝበሉ ከባቢታትን፡ ብዙሓት ናይቲ ከባቢ ንጥፈታት ዘይሕጋዊ ዕደና ከምዝዘርእ እዩ ዝግለጽ፡፡

ሰበ-ስልጣን እታ ሃገር፡ እቶም ግዳያት ካብ ጎረቤት ሃገር ለሶቶ ዝመጽኡ ዜጋታት ከምዝርከቡዎም ገሊጾም፡፡

እቲ ሓደጋ ሞት ዝተኸስተሉ ቦታ ብ'ሃርሞኒ' ዝተባህለ ዝዓበየ ኩባንያ ዕደና ወርቂ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝውንን ዝነበረ ኮይኑ፡ ኣብ 1990ታት ካብ ስራሕ ደው ከምዝበለ ክፍሊ ሃብቲ ማዕድን'ታ ሃገር የረድእ፡፡



## ህ.ሪ. ቻይና፡ ብሰንኪ ልዑል መጠን ሙቐት መጠንቀቕታ ኣመሓላሊፋ

ኣብ በይጂን ርእሰ ከተማ ህ.ሪ. ቻይና ልዕሊ 40 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ዝዓቐኑ ሙቐት ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል እታ ሃገር መጠንቀቕታ ከም እተመሓላለፈ ተገሊጹ፡፡

ህ.ሪ. ቻይና ነቲ መጠንቀቕታ ዘመሓላለፈት፡ ኣብዚ ሐጊዙ ዘሎ ወርሒ ሰኔ ኣብ በይጂን ዝተመዝገበ መጠን ሙቐት፡ ልዕሊ'ቲ ኣብ 1961 ዝተመዝገበ ዝለዓለ መጠን ሙቐት ኮይኑ ድሕሪ ምርካቡ እዩ፡፡

ኣብ ቻይና፡ ድሕሪ 2014 መጠንቀቕታ ልዑል ማጠን ሙቐት ክመሓላለፍ እዚ ንፈለማ እዋን ምዃኑ፡ ኣገልግሎት ኩነታት ኣየር'ታ ሃገር ሓቢሩ፡፡

ብዘይካዚ፡ ኣብታ ምስ ብሮጌ ባሕሪ ኣብ ዘዋውብ ጉምሩክ ባሕሪ እትርከብ ዞባ ሻንዶንግ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ መዓልታት ማጠን ሙቐት 43 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ከምዝበጽሐ፡ ኣገልግሎት ሜትሮሎጂ ቻይና ሓቢሩ፡፡

እቲ ብርቱዕ ዋዒ፡ ኣብ ሰሜናውን ምብራቓውን ክፋል ቻይና እንተወሓደ ንሸሞንተ መዓልታት ክቕጽል ከምዝኽእል፡ ክሊማዊ ትንብያታት እታ ሃገር የጠንቕቑ ኣለው፡፡



## ወጥሪ ሰርብያን ኮሶቮን ንምፍታሕ ዝተኻየደ ዝርርብ ብዘይ ውጽኢት ተበቲኑ

ሓላፊ ፖለሲ ጉዳያት ወጻኢ ኤውሮጳዊ ሕብረት ጆሴፕ ቦረል ምስ መራሕቲ ሰርብያን ኮሶቮን ዘካየዶ ዝርርብ ወጽኢት ከምዘይተረኸቦ ተገሊጹ፡፡

እቲ ርክብ ዝተኻየደ፡ ሰርብያን ኮሶቮን ብሰንኪ እቲ ኣብ ዶባተን ተወሲዑ ዘሎ ግጭት ናብ ቅልሱዕ ወተሃደራዊ ረጽሚ ከይምለሳ ተሰጊኡ ኣብ ዘለወሉ እዋን እዩ፡፡

ጆሰፕ ቦረል በብተራ ምስ መራሕቲ ክልቲኤን ሃገራት ኣብ ብራሰልስ ድሕሪ ዘካየዶ ዝርርባት፡ ክልቲኦም መራሕቲ ብዛዕባ ጠንቂታት፡ ሳዕቤናትን መፍትሒታትን እቲ ዝተፈጥረ ግጭት ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ከምዘለዎም ክርዳእ ከምዝኸኣለ ሓቢሩ፡፡

ኣቐዲሙ ሓላፊ ፖለሲ ጉዳያት ወጻኢ ኤውሮጳዊ ሕብረት ጆሴፕ ቦረል፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኮሶቮ ኣልቢን ኩርቲን ፕረዚደንት ሰርብያ ኣሌክሳንደር ቩቺክን ህጹጽ ኣኼባ ከምዘካይድ ሓቢሩ ምንባሩ ይዝከር፡፡

እቲ 27 ሃገራት ዝሓቖፈ ሕብረት፡ ንዓመታት ንኽልቲአን ሃገራት ንምትዕራቕ ዝዓለመ ዝርርብ ክመርሕ'ኳ እንተጸንሐ፡ ዛጊት ዝጥቀስ ወጽኢት ከምዘየመዝገበ እዩ ዝግለጽ፡፡

ሰርብያን ኮሶቮን ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ዘይምርድዳእ ምጽናሐን ይፍለጥ፡፡

ኣብቲ ብ1998 ዝተወለዐን ንሓደ ዓመት ዝቐጸለን ግጭት ሰርብያን ኮሶቮን ልዕሊ 10 ሽሕ ሰባት ከምዝሞቱ ይዝከር፡፡

ሰርብያ፡ ነቲ ኣብ 2008 ኮሶቮ ዘውጽኣቶ ኣዋጅ ናጽነት፡ ዛጊት ኣፍልጦ ኣይሃበቶን ዘላ፡፡



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 24/06/2023 | ጎደና ማ.ት.ኣ - 176 ቁ.25 ከባቢ ሲነማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565